
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ.265 | ቀዳም 6 ሓምለ 2019 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ሕማም ‘ሓርጫዊ ሚልዲው’ . . .



ገጽ 5
ሓውሲ ደሴት ኮርያ - ኣብ ፖለቲካዊ ድራማ!



ገጽ 6
ብቕዓት ውጽኢት ውልቀ ጻዕሪ

ገጽ 7
ምስጢር



ገጽ 9
‘ዝተገማምዐ’ ሃገራዊ ፈደረሽን . . .



# ልዑል ማሕበረ-ቁጠባዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ጽርግያታት ይህነጹ ኣለዉ



ስ/ ኣብርሃም በየነ

ቀዳማይ ገጽ መሰርሕ ምህናጽ፡ ምጽጋንን ምስፋሕን ልዑል ማሕበረ-ቀጠባዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ወሽጠዞባዊ፡ ዞባዊ፡ ከምኡ'ውን ምስ ዶባት ኢትዮጵያ ዝተኣሳሰሩ መጉበዚ ጽርግያታት፡ ብምውህሃድ ፕሮጀክትታት ዓዲ-ሃሎ፡ ሃገራውያን ኩባንያታት ህንጻ - ሰገነ፡ ቀይሕ-ባሕሪ፡ ኣሰበኮን ብደሆን፡ ከምኡ'ውን ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብጽዑቕ ይስላሰል ኣሎ።

እቲ ኣብ ትግባረ ዝርከብ ፕሮጀክትታት፡ ካብ ነፋሲት ናብ ደቀምሓረ 40 ኪሎ-ሜተር፡ ካብ ደቀምሓረ ናብ ተራ-እምኒ 29 ኪሎ-ሜተር፡ ካብ ዓዲ-ኳላ ናብ እንዳ-ገርገስ 18 ኪሎ-ሜተር፡ ካብ ደግሳ ናብ ሰርሓ ዝወስድ መስመር፡ ከምኡ'ውን ካብ ደግሳ ብመገዲ ሓላይ ኣብሉ ናብ ዓዲ-ቐይሕ ዝኣቱ መስመር የጠቓልል።

ኣብ ፕሮጀክት መስመር ነፋሲት - ደቀምሓረ ዝርከቡ ኣካየድትን ሞያውያንን፡ እቲ ስራሕ፡ ምስፋሕ ጽርግያ ካብ 7 ናብ 14 ሜትሮ፡ ምጽጋንን ምህናጽን መስመር ነፋሲት - ማይ-ሓባር፡ ምዕፋሕን ምህናጽን 25 ድንድላት፡ ከምኡ'ውን ቀጻሊ ንዘበኣሶ ዝበረ ካብ ማይ ሓባር ናብ ዓላ-ጋዴን ዝወስድ መስመር ብዙሓትን ዝበለጸን ምትካእ ከምዝጠቓልል ሓቢሮም።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ለዓይተንን ዓዲ-ርሶን ኣቶ ኣድም ኢብራሂም፡ ኣብ ለዓይተን ብምኽንያት'ቲ ፕሮጀክት ቦታ ከምዝቕይራ ንዝተጉበረ 26 ስድራ-ቤታትን 26 ትካላትን መንግስቲ ብዙሓሽ ኣገባብ ኣብይቲ ይሃንጸለን ከምዘሎ ብምሕባር፡ ነበርቲ - ማይ-ክዖታት ኣብ ምፍዋስን ሬልሲታት ኣብ ምትካልን ይተጥፉ ከምዘለዉ ገሊጹ።

ካብ ደግሳ ክሳብ ሰርሓ ኣብ ዘሎ መስመር ዝተዋፈሩ ሞያውያን፡ እቲ ስራሕ ብቐንዱ ኣብ ኩርባታት ንዝበረ ጸበት ንምስፋሕን ንምምዕርራይን ዝዓለመ ምዃኑ፡ እቲ መስመር ካብ ዝበሮ 7 ሜትሮ ናብ 20 ሜትሮ ይገፍሕን ደገፍቲ መናድቕ ይህነጹሉን ከምዘሎ ኣብሪሆም።

ካብ እንድ-ሕሽ ናብ ሓዋጹ ዘሎ ኩርባታት ዝበዝሖ 7 ኪሎ-ሜተር መስመር፡ ብጡሓጸረ፡ ዝገፍሐን ዝጣጥሐን መስመር ንምቕያር፡ 5 ኪሎ-ሜተር ሓድሽ ጽርግያ ይህነጽ ከምዘሎ እውን ገሊጾም።

እቲ ፕሮጀክት ክሳብ ኪና ሰገዲ ከምዝበጽሐ፡ ብዓድታት ደግሳን ሓላይን ኣብሉ ናብ ሓዋጹ ዝጽንበር ኣማራጺ መስመር እውን ብዘበለጸ ይሰራሕ ምህላዉ ሓቢሮም።

ኣብ መስመር ደቀምሓረ - ተራእምኒ ዝህነጽ ዘሎ ትሕተ-ቅርጺ ጽርግያ፡ 25 ድንድላት ዘጠቓልል ኮይኑ፡ እቶም ድንድላት ከም ዲጋ እውን ከምዝገልግሉ ኮይኖም ይህነጹ ከምዘለዉ፡ ሞያውያን ኣረዲኦም።

ኣብ'ቲ ስራሕ ማሽነሪታት ብምምራሕ ዝተጥፉ ዘለዉ መንእሰያት፡ እቲ መደብ ድሮብ ረብሓ ከምዘለዎ፡ ክእለቶም ከዕብዩን ርእሰ-ምትእምማኖም ከበርኹን ከምዝሓገዞም ገሊጾም።

ካብ ዓዲ-ኳላ ብዓዲ-ኾየዋ ኣብሉ ናብ እንዳ-ገርገስ ንዝወስድ ዝበረ ጽርግያ፡ ካብ ዓዲ-ኳላ ገለ ኪሎ-ሜተራት ንምብራቕ ወጺኡ፡ ከምእንደገና ናብ ምዕራብ ተጠውዩን ሓያሎ መሬት ሰንጢቑን - ብዓድታት ጉሑ-ኸረንን እንዳ-ገብርኤልን ብዙሓልፍ ኣሲታት 30 ዓበይትን ንኣሽቱን ቢንቶታት ዘለዎ ሓድሽ መስመር ንምትካእ ንዝቶቐድ ዘሎ ፕሮጀክት ዝመርሑን ዝቕይሱን ዘለዉ ሞያውያን፡ እቲ ሓድሽ መስመር፡ ትሪ ዓቕበት ብምንካይ፡ ጸበት ብምግፋሕ፡ ኩርባታት ብምጉዳል፡ ከምኡ'ውን ብጠዘለ ሰንጢቑወን ዝሓልፍ ዓድታት ብልጫታት ከምዘለዎ ኣረዲኦም።

ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ዝተወከሱዎም ነበርቲ ናይ'ተን እቲ ጽርግያ ሰንጢቑወን ዝሓልፍ ዓድታት፡ እቲ ፕሮጀክት፡ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሂወቶም ብሓፈሻ፡ ኣብ ምዕባለ ናይ'ቲ ከባቢ ድማ ብፍላይ ዓቢ ግደ ከምዘለዎ ገሊጾም።

# ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣካዪዶም

ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝቕበሩ ኤርትራውያን፡ ዝተፈላለየ ሃገራዊ ንጥፈታት ኣካዪዶም።

ኣብ ፈረንሳ ዝርከቡ ጥርናፈታት ህግደፍን ኣካየድቲ ውዳበታትን ብ29 ሰነ ቀዳማይ ዋዕላኦም ኣብ ከተማ ናንት ኣካዪዶም።

ኣብቲ፡ ካብ ከተማታት ናንት፡ ኣንጀ፡ ሬን፡ መትዝን ፓሪስን ዝመጹ ኣባላት ጥርናፈታት ህግደፍን ኣካየድቲ ውዳበታትን፡ ከምኡ'ውን ሓለፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ስዊዘርላንድ ኣቶ ሰለሺ እድሪስ ዝተሳተፉዎ ዋዕላ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ፈረንሳ ወይዘሮ ሃና ስምኦን፡ እቲ ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ዝኾነ ዋዕላ፡ ሃገራውያን ውዳበታት ኣብ ፈረንሳ ንምሕያል - ዛጊት ናይ ዝተኻየደ ጻዕሪ ወጽኢት ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ኣማኢዚ ኣስተምህሮታት ክወሃብ እንከሎ፡ ኣደ-መንበር ሃግደኤ ወይዘሮ የርዳኖስ ተኽለ፡ ንውዳበ'ቲ ማሕበር ኣብ ኩለን ከተማታት ዘሐይል ናይ ስራሕ መደብ ሂባ።



ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳን፡ ኣቶ የውሃንስ ተኽለሚካኤል፡ ብ30 ሰነ ንኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ዋው ኣብ ዝሃበሮ ሰሚናር፡ ብጽንዓትን መኸተን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ተኣቲዩ ዘሎ ትስፋው መድረኽ

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

ርእሰ - ዓንቀጽ

# ዓመት ድሕሪ ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን

ዕሚ 9 ሓምለ 2018፡ መራሕቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ መንነ ክልቲኦን ሃገራት ን20 ዓመታት ዝጸንሐ ኩነተኩናትን ተጻብኦን ኣብቂዑ፡ ሓድሽ ምዕራፍ ንምኽፋት ዝዓለመ 5 ዓምድታት ዘለዎ፡ ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ኣስመራ ዝኸተሙሉ ታሪኻዊ ዕለት እዩ ነይሩ።

ዕዙዝነት ናይዚ ታሪኻዊ ስምምዕ'ዚ፡ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብቲ ብዶባዊ ምስሕሓብ ተመኺንዩ ዝተወልዐ ናይ 1998-2000 መጠነ ሰፊሕ ኩናት ዝደመዩዎን ዝኸሰሩዎን ከይኣኽሉ፡ እቲ ጉዳይ ኣብ መጋባእያ ፍርዲ ቀሪቡ፡ ሕጋዊ መዕለቢ ምስ ተገብረሉ እውን፡ ስርዓት ወያነ ትግራይ ንምዕንቃጽ ን16 ዓመታት መመሳኣታ ካብ ሕጊ ከሃድም ዝቐጸሎ ተጻብኦታት ሰጊርካ ዝተበጽሐ ስምምዕ ብምዃኑ እዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ድሕሪ ምኽታም ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ዘቕረቦ ቃለመሕትት፡ ጠንቂ ናይዚ ዕድል ወለዶታት ዘኸሰረ ብደሆታት'ዚ፡ ብቐንዱ ኣብ ዘመን ዝሑል ኩናት ድሕሪኡን ብመጎዲ መጋበርያ ስርዓታት ዝተሰርሓሉ ግሎባዊ ስትራተጂ ርእሰ ሓያላን ምዃኑ ጠቒሱ፡ ድሕሪ ነዊሕን ዘሕዝንን ምዕራፋት ታሪኽ፡ ዞባና ናብ ሓድሽ መድረኽ ዝሰጋገር ዘሎ፡ ብቐንዱ ስር ናይቲ ሸግር ብፍሽለት ስለዝበቕዐን ኣብቲ ግዳይ ናይዚ ፖሊሲ'ዚ ዝኾኑ ህዝብታት ክሽሰኩሉ ዝጸንሐ ንቕሓት እናበረኸ ስለዝመጸን ምዃኑ ሰፊሕ መረዳእታ ሂቡ ነይሩ።

ከም ኣካል ናይዚ ግሎባዊ ስትራተጂ'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሰለስተ ወለዶታት፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝተጻዕዐ ዓለማዊ ውዲትን በደላትን ከም ህ ከይባለ ብጽንዓት መኪቱ ምውጽኡ፡ ዝ. ሕጂ ኣብ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ተፈጢሩ ዘሎ ሓድሽ ናይ ሰላምን ምትሕብባርን ሰናይ ጉርብትናን መድረኽ ኣብ ምፍጣር ዓቢ ኣስተዋጽኦ ገይሩ እዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ እውን ናብዚ መድረኽ'ዚ ንምብጻሕ ሓያል ቃልሲ ኣካይዱ እዩ።

ዕሚ ከምዚ ሎሚ፡ ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ምስ ተፈረመ፡ ኣብ ክልቲኡ ህዝብታት ዝተራእየ ልዑል ሓጎስን ባህታን ከኣ፡ ጽምብል ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ዓወት'ዩ ነይሩ። እዚ ስምምዕ'ዚ፡ ብቃልሲ ክልቲኡ ህዝብታት ዝመጸን፡ ብፖለቲካዊ ድሌት፡ ተባዕነን መራሕነታዊ ልቦናን መንግስታት ክልቲኦን ሃገራት ዝተበጽሐን ምዃኑ ድማ፡ ፍሉይነቱ ብኣብነት ክግለጽ ዝኽእል ኣርኣያ ንካልኦት እዩ።

ናይ 9 ሓምለ 2018 ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ኣስመራ፡ ኣብ መንነ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጸንሐ ኩነተኩናት ከኽትም ጥራይ ዘይኮነ፡ ክልቲኦን ሃገራት ኣብ ኩሉ መዳያት ዕቤት፡ ብሽርክነትን ተመሳሳእነትን ክሰርሓ፣ ዞባዊን ኣህጉራዊን ሰላም ጸጥታን ንምውሓስ ብሓባር ክጽዕታ ከምእተበጽሶ ዘበሰረ ታሪኻዊ ፍጻመ እዩ። እቲ ስምምዕ ካብ ክልቲኦን ሃገራት ሓሊፉ ዞባዊ ጽልዋኡ ቀሊል ኣይኮነን። ደድሕሪ'ዚ ክልተኣዊ ስምምዕ'ዚ፡ መራሕቲ ሃገራት ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ሶማልያን እውን ኣብ ኣስመራ ተራኺቦም፡ ንኣጠቓላሊ ዞባዊ ምትሕብባር ስሉሳዊ ኣዋጅ ምኽታሞም ዝዝከር እዩ። እቲ ተበግሶ ኣብ ሰለስቲኦን ሃገራት ከይተሓጽረ ንካልኦት ሃገራት ናይዚ ጎደቦ ክጽንበር እውን፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት፡ ንጡፍ ዲፕሎማሲያዊ ስርሓት ክሰላሰል ጸኒሑ ኣሎ።

ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ኤርትራን ኢትዮጵያን እምበኣር፡ ኣዝዩ ኣዎንታዊ ስጉምቲ ኣብ ምዕባለን ዕቤትን ዞባና ኮይኑ፡ መኽፈቲ ናይ ሓደ ፍሉይ ታሪኻዊ ምዕራፍ'ዩ እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ሓደ ዓመት ከኣ፡ ነቲ ሓሙሽተ ዝዓምድታቱ ስምምዕ ሰላም ብምልኣት ንምትግባሩ ዘኽእል ሕጋዊን ትሕተቅርጻዊን ባይታን ቅድመ ኩነትን ንምጥጣሕ፡ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ሰላምን ሓባራዊ ምርድዳእን ዝያዳ ንምድልዳል፡ ከምኡ'ውን ክልቲኦን ሃገራት ናብ ዝሰፍሐ ቁጠባዊን ንግዳዊን ምትሕብባር ዝሰጋገራሉ ዝርዝር ሕጋጋትን ቅጥዒታትን ኣብ ምንዳፍ፡ ብዙሕ ዕዮታት ተሰላሲሉ፡ ቀሊል ዘይኮነ ኽሲጋስ ድማ ተመዝጊቡ ኣሎ።

እዚ ሓድሽ ምዕራፍ'ዚ፡ ኣብ ቀጻሊ ንህዝብታት ክልቲኦን ሃገራትን ዞባናን ክኸፍቶ ዝኽእል ዕድላት ርእሰ ግሉጽ ኮይኑ፡ ብልዑል ዓቕልን ትዕግስቲን ሓባራዊ ኣመለኻኽታን ስራሕን ክሰገር ዝግብኦ ብደሆታት ከምዘለውዎ እውን ካብ ማንም ዝተኸወለ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ፡ ተኸሲቱ ዘሎ ዓና ትሰፋውን ብሩህን መጻኢ፡ በቲ ሐዙዎ ዘሎ ኣንፈት ዝያዳ ኽስጉሱ፡ ራእይን ድሌትን ህዝብታት ዞባና ከሰምር፡ እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ሰላማዊ ዝምድና ክሕየልን ክድልድልን ጥራይ ዘይኮነ፡ ናብ ኩሉ መዳያዊ ምትሕግጋዝ ክሰጋገር፡ ንመንግስታት ዞባና ሓያል ሓድሕዳዊ ምትእምማንን ወፋይ ስራሕን ይሓትቶም።

ካብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ

# ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ . . .

ንምድልዳልን ንምዕቃብን ብዘለዎ ጥምረትን ውዳበን ምስራሕ ከምዝድሊ ኣገንዚቡ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኩወይት፡ ኣቶ ሓመድ ያሕያ ሓሊ እውን፡ ንኤርትራውያን ተቐማጦ'ታ ሃገር ኣብ ዘቕረቦ ሰሚናር፡ ህዝቢ ኤርትራ ሳላ ጽንዓቱ ንኹሉ ብደሆታት ሰጊሩ ኣብ ዘተኣማምን መድረኽ በጺሑ ከምዝርከብ ኣረዲኡ።

ጨንፈር ሃማደኤ ከተማ መልበርን - ኣውስትራልያ ብ30 ሰነ ኣብ ዘቃኖ ጉባኤ፡ ኣደ-መንበርቲ ማሕበር ወይዘሮ ፍረወይኒ ጉብረሚካኤል፡ ኣባላት ማሕበር ኣብ ልምዓታዊ መደባት ከምኡ'ውን ኣብ ምንባይ ስድራ-ሰውኣት እጃመን ከምዝበርከታን ብዘለዎ ከምዝቕጽላኦን ገሊጻ።

ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኣቡዳቢ - ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ብምኽንያት 'መዓልቲ ኣፍሪቃ' ንመበል 56 ግዜ ኣብ ዝተኻየደን ናይ ልዕሊ 30 ሃገራት ኣፍሪቃ ኤምባሲታት ዝተሳተፉኦን ጽምብል፡ ንባህሊን ብዙሕነት ኣሳብራን ህዝቢ ኤርትራ ዘለሊ መደባት ኣቕሪቡ።

# ከረን - 218 መንእሰያት ብሞያዊ ትምህርቲ ተመሪቖም

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ፡ ምስ መሻርኽቱ ብምትሕብባር ንሽድሽተ ኣዋርሕ ብዓውድታት ኤለክትሪሲቲ፡ ማእለማ፡ ስርሓት ካይላ፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተርን ሰፉጸባቐ ጸጉሪ ርእስን ዘሰልጠኖም 218 መንእሰያት፡ ብ2 ሓምለ ኣብ ከተማ ከረን ኣመሪቑ።

ኣብ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ማእከል ሞያዊ ስልጠና፡ ኣቶ ተስፋብርሃን መሃሸ፡ እቲ ስልጠና፡ ኣካል ናይቲ - ብሰንኪ ማሕበራዊ ጸገማት ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ክቕጽሉ ዘይከኣሉ ጸገማት መንእሰያት፡ ሞያ ብምቕሳም ኣፍረይቲ ንምግባሮም ዝቐጸል ዘሎ መደብ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዘርያታት ዝሰልጠኑ መንእሰያት፡ ድሮ ብዝሞያኦም ኣብርኪቶ ይጉዓዙ ከምዘለዉ ዝጠቐሰ ኣቶ ተስፋብርሃን፡ ተመረቕቲ ኣሰርዎም ክስዕቡ ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ክፍላይ ዓደሚካኤል፡ ሰልጠንቲ ዝቐሰምዎ ሞያ ብትግሃት ክሰርሑሉ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ኩለን ትካላት መንግስትን ማሕበራትን ክደግፋኦም ተላቢዩ።

ማእከል ሞያዊ ስልጠና ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዘርያታት 690 መንእሰያት ኣመሪቑ ኣሎ።



ስ/ት ዕበ ዓሊ


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ኤርምያስ ገብረልዑል

ሺሃብ ኣርኣያ

ቊ.ስ 201820 (2214)

ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት

ኤደን ሃብተኣብ

ሳምራዊት መለስ

ሰማያዊት ሓይለኣብ

ቤተልሄም ታደሰ

ሊድያ ስልጣን


## ሎሚ መደብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ኤሮቢክስ |
| 09:30 | ሄሎ ቆልዑ |
| 10:10 | ዶክመንታሪ |
| 10:00 | ዘተ ስፖርት |
| 11:45 | ፓኖራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ተኸታታሊት ፊልም ሓረግ 10 ክፋል |
| 14:30 | ሙ/ድራማ |
| 15:30 | መደብ ናትራን |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 19:00 | ዳረት ቃና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ሄራር/ህድግ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ካብ ዞባታት /ማህደር |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ብካልኣይ ማስመር ቴለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ ጸወታ ኩዕሶ

1. ናይጀርያ ምስ ካሜሩን ሰዓት 7:00 ምሸት

2. ግብጺ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ ሰዓት 10:00 ምሸት

## ሰንበት

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ፊዮሪና |
| 10:00 | ሄሎ ደባይዋ |
| 11:45 | ኣብዚ ሰሙን 'ዚ |
| 11:55 | ሙ/ድራማ |
| 12:15 | ዶክተራት ኣብ ስቱዲዮ |
| 13:00 | ፓኖርማ |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | ተኸታታሊት ፊልም እንዳ ዝማም |
| 17:00 | ማእገር |
| 18:30 | ሙ/ድራማ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ተኸታታሊት ፊልም ሮራ 12 ክፋል |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ካብ ዞባታት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ብካልኣይ ማስመር ተለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ ጸወታ ኩዕሶ

1. ማዳጋስካር ምስ ኮንጎ ሰዓት 7:00 ምሸት

2 ኣልጀርያ ምስ ጊኒ ሰዓት 10:00 ምሸት

## ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ደኩመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄራር/ሸኻት/ሸዕበት |
| 14:25 | SPORT HIGHLIGHTS |
| 15:40 | ፓኖራማ |
| 16:20 | ልዝብ መንእሰያት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ሙ/ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:40 | ዶክመንታሪ |
| 18:25 | ካብ ዞባታት |
| 19:00 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ጩራ ጥዕና/ሚ/ሕርሻሰዓት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መደብ ስፖርት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ብካልኣይ ማስመር ቴለቪዥን ኤርትራ ዝፍኖ ጸወታ ኩዕሶ

1.ማሊ ምስ ኣይቨሪኮስት ሰዓት 7:00 ምሸት

2. ጋና ምስ ቱኒዝያ ሰዓት 10:00 ምሸት

# ሕርሻን መግብን







ዳህላክ ነጋሲ

# ሕማም ‘ሓርጨዊ ሚልዲው’ ኣብ ተኽሊ ወይኒ



መንእሰይ ዮዲት መብራህቱ

ተኽሊ ወይኒ ካብ'ቶም ጥዑም መቐረት ዘለዎም ፍረታት ሓደ እዩ። እቲ ተኽሊ ብዘውንኖ ሃብታም ትሕዝቶታት፡ ንጥዕና ደቂ-ሰብ ዝጠቅም ብዙሕ መኣዛታት ኣለዎ። እዚ ብቖልሉ ኣብ ቀጽሪ ቤት ክፈሪ ዝኽእል ፍሩ፡ ዝተፈላለዩ ረብሓታት ኣለዎ። ስለዚ፡ እቲ ተኽሊ ካብ ፈለማ ምትካል ክሳብ ፅንበብ ኣውጺኡ ፍረ ዝሀብ ግቡእ ክንክን የድልዮ።

ተኽሊ ወይኒ ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ታህዋሲያንን ተፈጥሮኣዊ ረቛሒታትን ንሓደጋ ክቃላዕ ይኽእል። ጠንቂ ሕማም እቲ ተኽሊ ብኣግኡ ክልለ እንተ ዘይኪኢሉ፡ እቲ ዝወርዶ ጉድኣት ፈኲስ ይኸውን። ስለዚ፡ ብሰንኪ ፋንጋስ ኣብ ወይኒ ዘጋጥም ሕማምን ኣገባብ ምክልኻሉን ዝምልከት ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክኢላ ምክልኻል ብቖሊ መንእሰይ ዮዲት መብራህቱ ዝሃበቶ ሓበሬታ ደስዑ።

ተኽሊ ወይኒ ሓደ ካብ ዓሌታት ፍረታት ኮይኑ፡ ካብ ኣሰታት 90-95 ሚልዮን ዓመታት ኣብ መሬት ዕድመ ኣለዎ። ኣብ መጀመርያ ናይ ቀረብ ዘመነ ዳይናሶራት ኣብ ምዕራብ ካዛኪሀቶን ህላውኡ ተረጋጊጹ እዩ። ተወሳኺ'ውን ደቂ-ሰብ ኣብ 700 ዓመት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ቅድሚ ሰዓምን ስርናይን ዘተኣታተዎ ተኽሊ እዩ።

ተኽሊ ወይኒ ኣሰታት 10,000 ዓሌታት ክህልዎ እንከሎ፡ እቶም ናይ ፈለማ ዘቤታዊ ገረብ ክንብሩዎ ዝኽእሉ ሰለስተ ነጥቢታት ኣለዉ። ቀዳማይ፡ መብቑሊ ካብ'ቲ መጀመርያ ሕርሻ ዝጀመረሉ ከባቢ ስለ ዝኾነ፡ ካልኣይ፡ ተኽሊ ወይኒ ንብዙሕ ጥቕምታትን መዓላን ስለ ዝውዕልን ብቖሊሉ ስለ ዝኸውን እዩ።



ሳልሳይ፡ ብቖሊሉ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክራባሕ ይኽእል።

ተኽሊ ወይኒ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ካብ ደጋ ክሳብ ቆላ ክፈሪ ይኽእል። ብፍላይ እቲ ተኽሊ ካብ 700-2300 ኣብ ዝብራኸኡ ቦታ ብዚያዳ ይፈሪ። እንተኾነ፡ ኣብ'ዚ እዋን ንኹሉ ከባቢታት ዝሰማማዕ ዓይነት ወይኒ ስለ ዘሎ፡ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ብራኸታት ክበቍል ይኽእል።

ተኽሊ ወይኒ ኣብ ዝለዓለን ዝተሓተን ናይ መሬት ሙቐት ካብ 20-50 ዲግሪ ንሰሜን ከምኡ'ውን ካብ 20-40 ዲግሪ ንደቡብ ይፈሪ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ምሩጽ ዓይነት ኣደ ገረብን ሰረተ-ጉንድን፡ ግቡእ ንጥፈታት ሕርሻ ብምጥቃምን ኣብ ትሮፒካዊ ክሊማ ክለምዕ ይኽእል። ብርቱዕ ንፋስ ንወይኒ ከሙ ስለ ዝኽእል፡ ንንፋስ ክከላኸል ዝኽእል ኣግራብ ምትካል ኣገዳሲ እዩ።

ተኽሊ ወይኒ ንኽራባሕ ካብ 870-1250 ሚሊ ሜተር ዝበጽሕ ዝናብ የድልዮ። ኣብ'ቲ ንጥፈት እቲ ዝርከብ ዓቐን ዝናብ ኣይኮነን ዘገድስ፡ እቲ ምንታይ፡ ኣብ ምፍራይ ወይኒ ልዑል ግምት ዝወሃቦ ጉዳይ፡ ኣብ ክንደይ ፍልልይ ናይ ግዜ ዝናብ ወይ ማሰኖኣዊ ማይ ይረክብ'ዩ ቀንዲ ኣተኩሮ ዘድልዮ። ኣብ እዋን ምፅንባብ ወይኒ ፍረ ንምሓዝ ኣብ ዝዓለወሉ ግዜያት ዝናብ ምስ ዝረክብ፡ ‘ዳውኒ ሚልዲው’ ብዝበሃል ሕማም ፋንጋስ ይጥቃዕ፡ ከም ሳዕቤኑ፡ እቲ ተኽሊ ደረግፍን ደብላሾን።

ብተወሳኺ'ውን ወይኒ ፍረ ኣብ ዝሕዘሉ እዋን ዝናብ ምስ ዝወቅዕ እቲ ፍረ ይብስብስን ተሰንጢቑ ደብላሾን። ስለዚ፡ እቲ ዝፅንበሉን ዝፈርየሉን ግዜ ምስ ኩነታት ዝናብ ብምዕሩይ ኣገባብ ንኽሰርሓሉ ጥንቁቕ ምክትታል የድሊ። ነዊሕ ግዜ ዝቐጽል ሙቐት፡ ዝቅያየር ዛሕልን ብርቱዕ ዝናብን ንምፅባለ ወይኒ ዓንቀፍቲ እዮም። ንኣብነት፡ ኣብ ልዑል ረሀዲ ዘለዎ ከባቢ ዝፈሪ ወይኒ ጥዑሚ ዘይብሉ ፍረ ይህብ። ተኽሊ ወይኒ ብመጠኑ ናይ ካልስዩም፡ ፎስፎረስ፡ ኣይሮን ከምኡ'ውን ቫይታሚን ከም (ቢ.1ን ቢ.2ን) ዝተሓዘ እዩ።

ኣብ ዓለም ዓመታዊ ኣሰታት 6.5 ሚልዮን ቶን ምህርቲ ወይኒ ይፈሪ። እቲ መጠን ፍርያት ኣብ 10 ሚልዮን ሄክታር ይዝራእ። ብዓለም ደረጃ ብምፍራይ ተኽሊ ወይኒ ብቐዳምነት ዝጥቀሳ ሃገራት - ኣመሪካ፡ ብራዚል፡ ኢጣልያ፡ ፈረንሳ፡ ስጳኛ፡ ፖርቱጋል፡ ቱርክን ህንድን እየን። ካብ ጠቕላላ ዝፈረ ወይኒ እቲ 80% ንመሰርሒ ነቢት ይውዕል። ኣብ ዕቤት ምህርቲን ትሕዝቶን ወይኒ ኩነታት ክሊማ ከም ቀንዲ ጸላዊ ረቛሒ እዩ። ሃገርና ሓንቲ ካብ'ተን ፍርያት ነቢት ብንኣስ ዓቐን፡ ብጸዕዳን ቀይሕን ዝሕብሩ ወይኒ እተፍሪ እያ።


ተኽሊ ወይኒ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ክጥቃዕ ዓቢ ተኽእሎ ኣለዎ። መበገሲታቱ እዋን ኩሎም ክፋላት ወይኒ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ዘስዕቡ ህይወታውያን ከም (ፋንጋስ፡ ባክተሪያን ቫይረስን) ይጥቅዑ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ከባብያዊ ረቛሒታት ከም (ሙቐት ከባቢ፡ መጠን ዝናብን ጠሊ ከባቢን) ቀንዲ ጠንቂ ሕማም ይኾኑ እዮም። ገለ ካብ'ቶም ሕማማት እኹልን እዋናውን መከላኸሊ እንተ ዘይተጠቂምካ፡ ምሕር ከቢድ ጉድኣት ከኸትሉ ይኽእሉ።

ካብ'ቶም ኣዕናወቲ ሕማማት ወይኒ እቲ ብቐዳማይ ዝሰርዕ ብፋንጋስ ዝስዕብ እዩ። ሓደ ካብ'ቶም መበገሲታቱ እዋን ኣብ ተኽሊ ወይኒ ዝረኣዩ ሕማማት፡ ብፋንጋስ ዝስዕብ ሓርጨዊ ሚልዲው ዝበሃል እዩ። እቲ ሕማም ኣብ ድሩቕን ረሀድን ዘለዎ ከባቢ ብሰፊሕ የጋጥም። ሕማም ሓርጨዊ ሚልዲው ኣብ ኩለን ወይኒ ዘፍርያ ሃገራት ዘስፋሕፍሐ እዩ። ከም ኩሎም ዘመናውያን ኣትክልቲ ወይኒ'ውን ‘ቪቲስ ቪኒፈራ’ (Vitis vinifera) ከም ንጹል ምህርቲ ዝሕረስ እዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ክቃላዕ ተኽእሎ ኣሎ።

ሓርጨዊ ሚልዲው ብ'ኣንሲኑላ ኔካተር' (Uncinula necator) ብዝተባህለ ፋንጋስ ዝስዕብ ኮይኑ፡ ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ልሙድ ዓይነት ሕማም ተኽሊ ወይኒ እዩ። እቲ ፋንጋስ ቀንዲ መበቆሉ ካብ ሰሜን ኣመሪካ እዩ። ንኹሉ ክፋል ተኽሊ ወይኒ ብፍላይ ኣብ ምጉባዝ ዝለዉ ኣትክልቲ ብምጥቃዕ ዓቢ ጉድኣት የስዕብ። እቲ ኣጥቃዒ ፋንጋስ ምቹእ፡ ረሀድን ጠልን ኣብ ዘለዎ ኣከባቢ ዚያዳ ይሰማምዖ።

እቲ ዓይነት ፋንጋስ መበዝሕትኡ ግዜ ኣብ 2.5 ሚሊ ሜተር ዝናብን 15 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ወይ'ውን ልዕሊኡ ረስኒን ብዚያዳ ይምችኦ። እቲ ሕማም ካብ ዝተበከሉ ኣቖጽልትን ጨናፍርን ብንፋስ ይመሓላለፍ። ከምኡ'ውን ኣብ ዝተበከሉ እጎማት ብምጽናሕ፡ ምቹእ ክሊማ ኣብ ዝረኸበሉ ግዜ ይመሓላለፍ።

ምልክታት ናይ'ቲ ፋንጋስ ብቐሊሉ ክልለ ይኽእል። እቲ ምልክት ኣብ'ታ ተኽሊ ንብዩኑ ዝዓይነቱ ኮይኑ፡ ንብምሉኡ ቀጠልያ ክፋል የጥቅዕ። ኣብ'ቲ ቆጽሊ



ጸዕዳ ሓርጭ ዝመስል ምልክት ብኽልተ ወገን ይርኣ። እቲ ሓርጭ መሰል ብምጽራግ ምስ ዝረኣ፡ በናዊ ወይ ጸለም ሕብሪ ትዕዝብ።

እዚ ሓድሽ ምልክት ንዕበየት ናይ'ታ ተኽሊ ከም ዝሽልፍ ይገብር። እቶም በቲ ሕማም ዝተጠቕዑ ውልዶ ኣቖጽልቲ'ውን ዘይንቡር ቅርጺ ይሀልዎም። ብተወሳኺ'ውን እቲ ፍረ ምስ ተጠቕዐ ዕበዩቱ የቋርጽ። ኣብ መወዳእታ እቲ ፍረ ይጭደድን ይነቅጽን። ብዚይካ'ዚ፡ ካልእ ሕማም ዘስዕቡ ህይወታውያን ንኽኣትዉ ባይታ ይፈጥረሎም። ንሕማም ዝተቓልዑ ፅንበባታት፡ ኣብ ፍረ ከይበጽሑ ይሞቱ።

ብሓፈሻ ወሀድ ኣገባብ ምክልኻል፡ ንጸረ-ፋንጋስ ከም መጨረሻታ ኣማራጺ ብምጥቃም፡ ኣብ ህይወት ሰብን ጥሪትን ማይን ኣከባብን ዘስዕቦ ጉድኣት ንምጉዳል ይሕግዝ። ወሀድ ሜላታት ምክልኻል ነቶም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ነጥቢታት ሓደ ድሕሪ ሓደ ብምጥቃም ዝዘውተሩ እዮም፦

## 1. ባህላዊ ኣገባብ ምክልኻል

ሀ. ቅኑዕ ምርሕሓቕ ብቖሊ፡ ብጻዕቂ ኣብ እትዘርኣሉ እዋን ልዑል ጠልን ሙቐትን ስለ ዝፍጠር፡ ሕማማት ብፍላይ ሓርጨዊ ሚልዲው ንምምዕባል ምቹእ ይኸውን። ስለዚ፡ ቅኑዕ ምርሕሓቕ ኣብ ተኽሊ ወይኒ ኣገዳሲ እዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ተኽሊ ወይኒ እኹል ኣየር ክረክብ ይኽእል።

ለ. ዘርኢ ምዝናቕ/ዋህረር፡ ሓደ ሕማም ንዝተፈላለዩ ዓይነት ብቖሊ ከጥቅዕ ተኽእሎኡ ትሑት ስለ ዝኾነ፡ ዚ ኣብ ግምት ብምእታው ዝተዛቖቐ ዘራእቲ ምትካል ተመራጺ ይገብሮ።

ሐ. ዝወደቐ ቈጽሉ-መጽሊ ምእላይን ምጽራይን፡ እቶም ዝሓመሙ ኣቚጽልቲ ቀንዲ ጠንቂ ሕማም ክኾኑ ስለ ዝኽእሉ፡ ንኻልእ ክፋል ከይለኽሙ እንከለዉ ምጽራዮም ኣገዳሲ እዩ።

መ. ምድኻዕ ከም'ቲ ንሓደ ሰብ እኹል መኣዛታት መግቢ እንተ ረኺቡ ብቐሊሉ ብሕማም ክጥቃዕ ዘይክእል፡ ኣትክልቲ'ውን ካብ ሕማም ነጻ ንኽኾኑ እኹል ማይን ማዕድንን የድልዮም። ከም ወጽኢቱ ሕማም ናይ ምጽዋር ተኽእሎኦም ልዑል ንክኸውን ይሕግዞም።

## 2. ፊዚካላዊ ኣገባብ ምክልኻል

እቲ ኣገባብ ብመገዲ ማይ ውዑይን ሓዊን ሕርሻዊ መሳርሒታት ከም (መቐስን ዛባን) ምምካን፡ ብምቕምቓም፡ ብምውሳብን ብምሽሳኻስን ሕማም ክጎድል ይኽእል። ብፍላይ፡ ንምቕምቓም እትጥቀመሉ መቐስ ኣብ ሓደ ካንሸሎ ወይ ቦታ ከይመኸነ ናብ ካልእ ክስጋገር የብሉን።

## 3. መካኒካዊ ኣገባብ ምክልኻል

ምእላይ ዝሓመመ ቈጽሉ-መጽልን ጨናፍርን እዩ። እቶም ዝተጠቕዑ ኣካል ተኽሊ ጠንቂ ምብዝሕ ወይ መተሓላለፊ ክኾኑ ስለ ዝኽእሉ፡ ብኣግኡ ክቕምቀሙ ኣለዎም።


## 4. ብጸረ-ፋንጋስ ምክልኻል

ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ጸረ-ፋንጋስ ምጥቃም እዩ። ጸረ-ፋንጋስ ቅድሚ ምንጻግ ኣብ'ቲ መትሓዚ ጎማ ወይ ጥርሙስ ተጻሒፉ ዝርከብ ምሉእ ሓበሬታ ከም ዓቐን፡ ዝተሰርሓሉ ኣገባብ፡ ኣገልግሎት ዝበቕዓሉ ገደብ ግዜን ካልእ ኣገዳሲ ነጥቢታትን ብግቡእ ምንባብን ምርዳእን የድሊ። ጸረ-ፋንጋስ ንምብቋል ወይ ምምዕባል፡ ዕበየት፡ ምርባሕን ምብዛሕን ናይ'ቶም ሕማም ዘስዕቡ ህዋሳት ብምዕጋት ወይ ብቐጥታ ብምቕታል ንብቖሊ ካብ መጥቃዕቲ ይከላኸል። ብቐጻሊ ሓደ ዓይነት ጸረ-ፋንጋስ ምጥቃም፡ ኑቲ ሕማም ተጻዋርነት ከማዕብሉ ስለ ዝኽእል ዝተፈላለየ ዓይነት ጸረ-ፋንጋስ ምጥቃም ተመራጺ እዩ።

ኣብ ተኽሊ ወይኒ ንሕማም ሓርጨዊ ሚልዲው ንምክልኻል ሳልፈር፡ በናምይልን ባይላተንን ዝተባህሉ ዝውቱራት ጸረ-ፋንጋስ ምጥቃም ይከኣል። ኑቶም ጸረ-ፋንጋስ ኣብ እትግልገለሉ እዋን ግዜ ምሕላው ኣገዳሲ እዩ። እቲ ግዜ ቅድሚ ምፅንባብን ድሕሪ ምፅንባብን ኣብ 2-4 ዘሎ ሰሙናት እንተኾነ ተመራጺ እዩ። ተኽሊ ወይኒ ፍረ ኣብ ዘውጽኣሉ እዋን፡ ጸረ-ፋንጋስ ክንጸግ የብሉን። ብሓፈሻ፡ ኣብ መላእ ዕምሪ ናይ'ታ ተኽሊ፡ ካብ 4-6 ግዜ እንተ ተጸጊጉ ውጽኢታዊ ይኸውን።

# ሽባብ

ሃማመተኤ



## ጋሻ ሸባብ

# “እዚ ቡብእዋኑ ዘጥረኹዎ ሞያ ርእሰይ ክኢለ ክንዓዝ ኣኽኢሉኒ’ዩ ።” ዲዛይነርን መምህር ስነጽባቐን መኣዛ ገብረኢየሱስ

መንእሰይ መኣዛ ገብረኢየሱስ፡ ኣብ 1990’ያ ኣብ ዓራርብ (ሂምቦል) ተወሊዳ። ካብ መባእታ ክሳብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ፡ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ተኸታቲላ። ብድሕሪ’ዚ፡ ኣባል መበል 21 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብምዃን፡ ግቡኣ ፈጺማ። ብማሕበር ኣትሌቲክስ ዞባ ደቡብ ተጠርኒፋ፡ ንሃገራ ወኪላ፡ ኣብ ውሽጢን ወጻእን ኣብ ኣትሌቲክስ ብምውድዳር ድማ፡ ካብ 1ይ ክሳብ 6ይ ደረጃ ብምውጻእ፡ ተዓዋቲት ክትከውን በቒዓ’ያ። ኣብ መምህርና ዓውዲታት ኣይሮቢክስ፡ ስነ-ጽባቐ ገጽን ጸጉሪን፡ ዲዛይነር፡ ሞደሊስት ማሳጃቶረ ኮይና ኣብ ርእሲ ምንጣፋ፡ በገና ዝተባህለ መንፈሳዊ መሳርሒ ሙዚቃ’ውን ክትመልኽ ኣብ ቀጻሊ ልምምድ ትርከብ። መኣዛ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ኣብ ሃማደኤ ኣባል ዕቀባ ሕሳብ (Accounting finance) ኮይና ትነጥፍ ኣላ።



***ብኩነታት ኣተዓባብያኺ ክንጅምር?**

- ኣብ ዓራርብ ሂምቦል’የ ተወሊደ። ክሳብ ጓል ሓሙሽተ ዓመት ዝኸውን ኣብ መንደፈራ ማሕበር ሰንኩላን ኣብ `ዝነበሩሉ ፎርቶ እየ ነይረ። እቲ ከባቢ ማህበራዊ ህይወት ዝሰፈኖ ብምዃኑ ፍቕሪን ምትሕግጋዝን እናሰነቐኩ ክዓቢ ኣኽኢሉኒ’ዩ። ድሕሪኡ ናብ ደቀምሓረ ኢና መጺና። ኣብኡ ተማሃሪት መባእታን ካልኣይ ደረጃን ኣብ ዝነበርኩሉ፡ ኣብ ጉያን ኩዕሶ ሰኪዔትን ብምስታፍ ፡ ንቤት ትምህርተይን ዞባ ደቡብን ወኪለ እወዳደር ነይረ። ከም ውጽኢቱ ድማ መዳልያታትን ዋንጫን እሸልም ነይረ። ኣብ 2006 ኣብ ሳዋ ኣብ ዝተኻየደ ፈስቲቫል መንእሰያት’ውን ብምስታፍ ብኩዕሶ ሰኪዐት ተዓወቲ ኮይና።

*** ቀጺሉ. . .**

- ሃገራዊ ግቡኣይ ድሕሪ ምፍጻም ብኽለብ ዞባ ደቡብ ተጠርኒፍና ኣብ ዓዲ ሰጉዶን ማይ ጭሆትን እናነበርና ብጉያ ኣብ ውሽጢ ሃገር ከምኡ’ውን ግብጺን ደቡብ ኣፍሪቃን’ውን ተሳቲፈ። ብዘይካ’ዚ ኣብ ናይ ትራክ ፊልድን ጉያ መሮርን’ውን ተሳቲፈ’የ። ኣብ ኣስመራ ከኣ ኣብ ናይ ፍርቂ ማራቶን ጉያ ብምውድዳር ካብ ቀዳመይቲ ክሳብ ሻዱሸይቲ እናወጻእኩ’የ ዘቐጽል ነይረ። ኣብ 2014 ግን ብሰንኪ ናይ ጥዕና ጸገማት ከቋርጾ ተገዲደ።

*** ጉያ ብሽመይ ኢኺ ጀምርክዮ?**

- ገና ጓል ሸውዓተ ዓመት ከለኹ’የ ጀሚረዮ። ጸወታ እፈቱ ነይረ። ኩዕሶ ምጽዋት፡ ዝላ፡ ኮታ ልክዕ ከም’ቶም ኣውዳት ኮይነ’የ ዝጥፍእ ነይረ። ናተይ ኢለ ስለ ዝሓዝኩዎ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢን ወጻእን እወዳደረሉ ነይረ። በዚ ኣጋጣሚ ናብ’ዚ ደረጃ’ዚ ንዘብቅዓትኒ ክቡርቲ ወላዲተይ ተጋዳሊት መድህን ተስፋዝጊ ሰቛር ብልቢ ከመስግና ደስ እብለኒ። ከምኡ’ውን፡ ኣብ’ቲ እዋን’ቲ ኣሰልጣኒ ክለብ ዞባ ደቡብ ዝነበረ፡ መንግስ ደስበለን፡ በርሀ ኣስገዶምን ምስጋናይ ይብጻሓዮም።



*** ድሕሪኡኺ. . .**

- ድሕሪኡ ካብ 2015 ጀሚረ ኣብ ሃማደኤ ከም ኣባል ዕቀባ ሕሳብ ኮይነ ክነጥፍ ጀሚረ። ጐኒጐኒ ናይ’ዚ ድማ ቅዲ ክዳንን ጥልፊን ተማሂረ። ኣብ ዕለተ መመረቕታ ብበገና ዝተሰነየ ባህላዊ ክዳን ለቢሰ ብምውድዳረይ ተዓዋቲት ክኸውን በቒዐ።

*** በገና ክትብሊ እንክለኺ. . .**

- እወ እዛ በገና ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተላለኹዎ ኢትዮጵያዊ ኣትሌት’ዩ ሰዲዱለይ።

*** ቅድሚኡ ብዛዕባ በገና ኣፍልጦ ነይሩኪ ድዩ?**

- ብምስላ ወይ ኣብ ስእሊ ብምርኣይን ድሃያ ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ብምስማ እንተዘይኮይኑ ሌላ ኣይነበረንን። ድምጻ ክሰምዕ እንክለኹ ግና፡ ክሳብ ሰማያትዩ ዝስቀል ልበይ። ተንብዓኒ ተተክዚ ኮታ እዚ’ዩ ኢለ ክገልጾ ዘይክእል ስምዒት’ያ ትፈጥረለይ።

*** ተለማሚድክያዶ?**

- ምስ መጸትኒ ሓደ ኣብ በገና ምልከት ዘለዎ ጠዓመ ዝተባህለ ዲያቆን ንተህንጥዩኑተይ ርእዩ ብተገዳስነት እናተሓጋገዘኒ ጽዑቕ ልምምድ ኣብ ምኪያድ እርኩብ ኣለኹ። ኣብ ቀረባ እዋን ባህገይ ሰሚሩለይ ክመልካ ኸኣ ዓቢ ሃንቀውታ ኣሎኒ።

*** ናብ ኣይሮቢክስ ክንሓልፍ ዝኸ መኣስ ኢኺ ጀሚርክዮ?**

- ኣብ 2015’የ ጀሚረዮ። ሰረት ናይ ጉያ ስለ ዝነበረኒ፡ ብኣሰልጣኒት መንግስ ደስ በለን ሙኽታር ሳልሕን ንሹዱሽተ ኣዋርሕ ምስ ሰልጠንኩ ቀጻሊ ልምምዳት ብምኪያድ እኹል ፍልጠት ከዋህልል ክኢለ ክሳብ ሕጂ’ውን ከም መምህር ናይ ኣይሮቢክስ ኮይነ እነጥፍ ኣለኹ። ብውልቀይ ድማ ኣብ ምንቅስቓስ ጸገማት ንዘለዎም ገዛ ገዛ እናተንቀሳቐስኩ ኣይሮቢክስን ማሳጅን እገብር’የ።

*** ማሳጅ’ከ መኣስ ኢኺ ጀሚርክዮ?**

- ማሳጅ ኣብ 2011’የ ጀሚረዮ። እቲ ስልጠና ሽዱሽተ ወርሒ ዝወሰደ ኮይኑ ብግብሪ እሰርሓሉ ምህላወይ ከኣ ኣሐጉሰኒ።

* ማሳጅ እንታይ’ዩ ? ጠቕሙኸ እንታይዩ?

- ማሳጅ ስነ-ፍልጠታዊ ሕክምና ኮይኑ ከምቲ ሓንቲ ኣደ ንውላዳ ደራርዛ እትእብዶ ማሳጅ ከኣ ንዘደኸሙ ዋህዮታትን መትንታትን እናዛየ ከም ዝፈታትሖ ዝገብር’ዩ። ስፖርት ጃሳጅ’ውን ዝበሃል ኣሎ። ንሓደ ስፖርታዊ ጭዋዳታቱ ተፈታቲሑ ካብ ድኻም ዘገላግልን ንዝተሃሰየ ጭዋዳታት ዝዘርዝርን’ዩ።

*** ንማሳጅ ብጌጋ ዝርድኡዎ ኣለዉ. . . ብወገንኪ ኣብ’ዚ ጉዳይ እንታይ ትብሊ?**

- እወ! ናብ ጾታዊ ስምዒት ዝቓንዩዎ ኣለዉ። እዚ ግና ክኸውን ዘይብሉ’ዩ። ጾታዊ ስምዒትን ጥዕናን ፈላሊኻ ክርአ ይግባእ። ማሳጅ ዝኾነ ሰብ ከዘውትሮ ዘለዎ’ዩ። ንጥዕና ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ! ብዘይካ’ቲ ንጭዋዳታትን መትንታትን ምፍትታሑ ንጽባቐ ቈርበት’ውን ኣገዳሲ’ዩ። መትንታት ክንብል ከሎና ምስ ምንቅስቓስ ደምናን ልብን ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘለዎ ስለዝኾነ ንዝኾነ ሰብ ኣገዳሲ’ዩ። ኣነ ንልዕሊ ኣርባዕተ ዓመት ሰሪሐሉ ኣለኹ።

*** ግድን ድዩ ሓደ ሰብ ብስሩዕ ማሳጅ ናብ ዝግበረሉ ቦታ ከይዱ ክድረዝ ዘለዎ?**

- ከም’ቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ማሳጅ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ጾታን ዕድመን ብዘየገድስ ኣድላዪ’ዩ። እንተተኻኢሉ ዝኾነ ናይ ጥዕና ጸገም እንተዘይሃልዩ ናብ’ቲ ማሳጅ ብስሩዕ ዝወሃበሉ ቦታ ምኻድ ተመራጺ’ዩ። እቲ ዝወሃብ ኣገልግሎት ብስነ-ፍልጠት ዝተደገፈ ስለዝኾነ።

*** ኣብ ስነ-ጽባቐ ገጽን ጸጉርን’ውን ትነጥፊ ኢኺ. . .**

- ካብ ግዜ ቁልዕነተይ ኣብ ጸጉረይ ኣብ ኣመሻሽጣን ኣቋንናን ፍሉይ ኣተኩሮን ተገዳስነትን ነይሩኒ። እቲ ናይ ስነ ጽባቐ ገጽ ከኣ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበርኩሉ’የ ከም ሞያ ቀሲመዮ። ኣብ ጆሊ መሰልጠኒ (make up) ስነ ጽባቐ ገጽን ጸጉርን ከኣ ከም መምህር ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ።

*** ብፍላይ ንስነ ጽባቐ ገጽ ብዝምልከት እንታይ ትብሊ?**

- ስነ-ጽባቐ ገጽ ንተፈጥሮኣዊ ጽባቐ ገጽ ዝዕቅብ ዓውዲ’ዩ።

*** ክጽብቓ ክብላ ገጸን ዝበላሾ ደቀንስትዮ ይረኣያ’የን. .**

- ብመሰረቱ ንተፈጥሮኣዊ ጽባቐ ዝትክእ የልቦን። እንተተደልዩ ከኣ ኣዔታትና ብዘጥቀማሉ ዝነበራ ከም ጥሽ፡ ልኻይ፡ መዓር፡ እንቋቑሖ፡ ጽሟቕን ቀራፍ ፍረታትን ብዘኣመሰሉ ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘይብሎም ነገራት ምጥቃም ይከኣል’ዩ። ኣብ’ዚ ዘለናዮ እዋን ድማ ከም ሳውና (Steam) ኣሊቭ፡ ስምስም ዝኣመሰሉ ተመረጽቲ’ዮም።

*** ንጸጉሪ ተባሂሉ ብዝስራሕ ዘይቲ ንገጽ ምጥቃም እንታይ ሳዕቤናት ኣለዎ?**

- ንጸጉሪ ተባሂሉ ዝተሰርሐ እንተኾይኑ ንጸጉሪ ጥራይ’ዩ ኪኸውን ዘለዎ። እቲ ንገጽ ተባሂሉ ዝስራሕ ንዓይነት ገጽናን ቈርበትናን ኣብ ግምት ብምእታው ጥራይ ክንጥቀመሉ ኣለና። ዝኾነ ቅብኣት ንገጽ ክንጥቀመሉ የብልናን። ብፍላይ ቈርበት ገጽና ካብ’ቲ ካልእ ቈርበት ኣካላትና ተነቃፊ ስለ ዝኾነ ክንጥንቀቕ ኣለና።

*** ዝኾነ ቅብኣት ዋላ’ውን ንገጽ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ዘይጥቀሙ ኣለዉ. . .**

- እዞም ከምዚ ዝኣመሰሉ ሰባት ቈርበት ገጾም ንኽይጸምእ ማይ ብብዝሒ ክሰትዩ ኣለዎም።

*** ገለ ገጹ ተሓጺቡ ዋላ’ውን ዝኾነ ዓይነት ሳምና ከይተጠቕመ ክፍሕሹ ከሎ፡ ገለ ግና ዘይፍሕሹ ኣሎ እዚ ካብ ምንታይ’ዩ?**

- እዚ ከምዚ ዝበልካዮ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝፈላለ’ዩ። እቶም ዘይፍሕሽዉ ተፈጥሮኣዊ ዘይቲ ዘለዎም’ዮም። እቶም ካልኦት ከኣ ብኣንጻሩ ስለ ዝኸውን ብብዝሒ ማይ ክሰትዩን ንቈርበቶም ዝሰማማዕ መለስለሲ ዘይቲ ክጥቀሙ ይምረጽ።

*** ኣብ ቅዲ ክዳን’ውን ትነጥፊ ኢኺ?**

- እዚ’ውን ካብ ዝኸደኖ ኣልባሳት ዝበገሰ’ዩ። ባህላዊ ኣኩዳድና ፍሉይ ጽባቐ ስለ ዘለዎ ተምሳጥ እናፈጠረለይ ስለ ዝመጸ ክግደሰሉ ጀሚረ። ኣብ 2015 ኣብ ቤት ትምህርቲ ቅዲ ክዳን ዓይኒ ፋሽን ናይ ሓደ ዓመት ስልጠና ወሲደ። እዚ’ውን ኣብ ገዛይን ስርሕልና ንዝብሉኒ ከኣ እሰርሓሎም’የ።

*** ኣብ’ዚ ዓውዲ ዝተሓጋገዙኺ. . .**

- ናይ ምጥላፍን ቅዲ ክዳንን ሞያ ዘዕጠቐኒ ዲዛይነር ኣብርሃም ስልጣን ዳይኖም’ዩ። ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ድማ ምስኡ እናተሓጋገዝኩ እሰርሕ ኣለኹ።

*** ኣብ ሃማደኤኸ እንታይ’ዩ ኣበርክቶኺ?**

- ኣብ ሃማደኤ ጐኒ ጐኒ’ቲ ኣባል ዕቀባ ሕሳብ ኮይነ ምንጣፈይ፡ ኣይሮቢክስ’ውን እሰርሕ’የ።

*** ኣብ ምርኢት ቅዲ ክዳን ከም ሞደሊስት ከኣ ትኾኒ ኢኺ?**

- እዚ’ውን ኣብ 2015 ምስ ቅዲ ክዳን’የ ጀሚረዮ። ባዕለይ ንዝሰፈኹዎ ክዳውንቲ ንመወዓውዒ ናይ ትካላት ክዳውንቲ ፡ ኣብ ናይ ፕሮቶኮላዊ ስፖርታዊ ውድድራት’ውን እሳተፍ’የ።

*** ብሽክለታ’ውን ተዘውትሪ ኢኺ?**

- ብሽክለታ ተማሃሪት ታሽዓይ ክፍሊ ከለኹ’የ ክጥቀመላ ጀሚረ። ብዘይካ’ቲ ኣብ ጥዕና ዝህልዋ ዓቢ ኣበርክቶ ንስራሕን ትምህርትን ከም ሕሱም’የ ተጠቒመላ። ብዘይካ’ዚ ግዜይ ብግቡእ ክጥቀመሉ’ውን ሓጊዛትኒ’ያ።

*** እዚ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ዝተፈላለየ ሞያ ምጥራይኪ ኣብ ህይወትኪ ክሳብ ክንደይ ሓጊዙኪ ትብሊ?**

- ብቓላት ክገልጾ የጸግመኒ። ብሓጺሩ ግና እዚ ቡብእዋኑ ዘጥረኹዎ ሞያ ብቐሊሉ ርእሰይ ክኢለ ክጉዓዝ ኣኽኢሉኒ’ዩ።

*** ኣብ መወዳእታ. . .**

- ናብ’ዚ ደረጃ’ዚ ክበጽሕ ዝሓገዙኒ ኣምላኽ ኣመስግኖ። ንክቡራት ወለደይ፡ ነደይ ተጋዳሊት መድህን ስፋዝጊ ሰቛር፡ ነቦይ ስዉእ ገብረኢየሱስ ገብረእግዚኣብሔር (ዓማ) ንኣካያዲ ስራሕ ሃማድኤ ኣቶ ሳሙኤል ኣፈወርቂ፡ ዲዛይነር ኣብርሃም ስልጣን፡ መምህር ሙኽታር ሳልሕ፡ መላእ ቤተሰበይን ፈተውተይን ኣመስግኖ።

***

የናስ ኣብርሃም ሓጎስ

# ብቕዓት ውጽኢት ውልቀ ጻዕሪ

## ንእሽቶ ምዕዶ ንመንእሰያት



*“ስቡት ዝፈልጡዎ ወይ ዝተማሃሩዎ ክምህሩና ይኽእሉ እዮም - ሊቃውንቲ ግን ካብ ገዛእ ነብሰና እዩ”*

*ሚሽል ሞንታኘ*

ፈላጦን ብሉጻን ሰብ ክኾውን ዘይምኑ የለን። እዚ ኣድማዒ ባህጊ ወይ ትምኒት ናይ ደቂ-ሰብ እዩ። ንኣብነት ኣብ ትምህርቲ ካብ ዝርከቡ መንእሰያት፡ ንፉዓትን ብሉጻን ተማሃሮይ ክኾውን ዘይብህግን ዘይምኑን የለን። ንፉዓትን ብሉጻን ተማሃራይ ምዃን መን ይጸልእ? እቲ ግድል ግን፡ መንፍዓት ኮነ ብሉጽነት፡ ብባህግን ትምኒትን ዝፍጠር ወይ ዝዕብ ዘይምዃኑ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ መማህራን፡ ፍልጠት ክቕስሙና ዝበኣሎም ደጋዕሩ እዮም። መምህር ኣብ ክፍሊ ደው ኢሉ፡ እቲ ዝፈልጦ ስለዘዘረና ወይ ስለዝመሃረና፡ ፈላጦት ክንከውን ኣብርቲዑ ስለ ዝጸዓረን ስለ ዝደኸመን ግን፡ ብሉጻት ንኸውን ማለት ኣይኮነን። ከምኡ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ኩሉ ተማሃራይ ብቑዕን ብሉጽን ክኸውን ኣይምኣገመን። ብቕዓትን ብሉጽነትን እምበኣር ካብ ገዛእ ነብስና እዩ።

ኣብነታት ክንጥቅስ፡ ፈለማ ብሸክለታ ክንለማመድ እንከለና፡ እቶም ዘዊርዎ ዝኽእሉ፡ ከመይ ጌርካ ከምእትዘውር፡ ከመይ ጌርካ ሚዛን ከምእትሕሉ ብኽልሰ-ሓሳብ ይምሃሩና እዮም። ሓቂ’ዩ፡ እቲ ዝህቡና ሓበሬታ ኣገዳሲ እዩ። እንተኾነ፡ ብሸክለታ ከመይ ከምእትዘውር ስለ ዝተዛረቡና፡ ብቐጥታ ደይብና ክንዘውራ ንኽእል ማለት ኣይኮነን። ብሸክለታ ናይ ምዝዋር ክእለት፡ ብጻዕሪ ገዛእ ነብስና ዝጥረ እዩ። ምሕንባስ እውን ብተመሳሳሊ፡ ብኽልሰ ሓሳብ ክትመሃሮ ቀሊል ክኸውን ይኽእል። ክልሰ ሓሳብ ኣተሓናብሳ ስለ ዝነበበካ ወይ ሰብ ስለ ዝተዛረኻ ግን ክኢላ ሓንባሳይ ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ሓንበስቲ ክትከኣል፡ ነዊሕን ዘይሕለልን ግብራዊ ምልምማድ እዩ ዘድልየካ። ኣብ ግዜ ብጽሒትና፡ ኣብ ጉዕዞትና ተኣኻኺብና፡ ክራር ክንለማመድ ንፍትን ኢና። ኣብ ግዜ ንእሰና ክራር ወይ ዝኾነ ካልእ ናይ መዚቃ መሳርሒ ክኽእል ዘይብህግ ወይ ዘይፍትን መንእሰይ ዳርጋ የለን። እቶም ዝኽእሉዎ ግን፡ እቶም መዓልቲን ለይትን ከይተሓለሉ፡ ደጋጊሞም ዝፍትኑ ኣዘዮም ውሑዳት እዮም።

ብቕዓት ኣብ ትምህርቲ ይኹን ዝኾነ ሞያ ዝጥረ እውን ብተመሳሳሊ እዩ። ናብ ኣካዳምያዊ ወይ ሞያዊ ቤት ትምህርቲ ዝተመላለሰ ኩሉ ንፉዓትን ብሉጻን ይኾውን ማለት ኣይኮነን። እቲ ዕድልን ባይታን ኣዘዩ ኣገዳሲ እዩ። እንተኾነ መንፍዓትን ብሉጽነትን ካብ ገዛእ ነብሰኻ እዩ። መምህር ኣብ ሰሌዳ ኣቀማምራ ቁጽርታት እንተ ኣርኣየካ፡ መማሃሪ መጽሓፍቲ እውን ኣብነታት እንተሰፈሩ፡ ሓደ ተማሃራይ ብቐሊሉ ይርድኦ ወይ ይመልኮ ማለት ኣይኮነን። ምልከት ብጻዕሪ ገዛእ ነብሰኻን ብዘይሕለል ምልምማድን እዩ ዝፍጠር።

ምስጢር መንፍዓትን ብሉጽነትን ተባሂለን ዝግለጻ ክልተ ዓበይቲ ረቛሒታት ኣለዋ። ሃንቃን ኣደብን።

መዝገበ ቃላት እንግሊዝኛ-ትግርኛ (ተከኤ ተሰፋይ) Passion ዝብል ናይ እንግሊዝኛ ቃል፡ ብትግርኛ፡ ሃንቃ፡ ታፍላ፡ ብርቱዕ ድልየት፡ ተምሳጥ፡ ፍቕሪ፡ ሃረርታ፡ ህርፋን፡ ተሃን፡ ቃሕታ፡ ርስሓት፡ ቀለ፡ ዊንታ ዝብል ትርጉማት ይህቦ። ሓቂ እዩ ሃንቃ፡ ኣብቲ እትደልዮ ዕላማ ዘብጽሕ እኳ እንተዘይኮነ፡ ድራኽ ኣብ ምፍጣር ግን ኣዘዩ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ።

“ሰብ ከምቲ ዝሓልሞ ወይ ከምቲ ዝተመኘ እዩ ዝኸውን” ዝብል ኣገላልጻ ኣሎ። እዚ ኣገላልጻ’ዚ ልክዕነት እኳ እንተለዎ፡ ኣብ ኩሉ ሰብ ግን ይሰርሕ ማለት ኣይኮነን። ቀዳማይ ክኸውን ዝተመነየ እሞ ከይኮነ ዝተረፈ ክንደይ ኢልካ ክቑጸር። ብተመሳሳሊ ብትምህርቲ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕ ዘይሓልም የለን። እቲ ዝበጽሕ ግን ውሑድ እዩ።

ሓደ ካብ ምስጢራት ዓወትን ብልጽግናን ብርቱዕ ድልየትን ባህግን እዩ። ድልየትን ባህግን ግን ደረጃታቱ ይፈላለ እዩ። ኑቲ ዝበሃገዮ ነገር ክትፍጽም ብርቱዕ ሃንቃ ወይ ተሃን እንተዘይብልካ ድልየት ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን።

ስለዚ፡ ኣብ ትምህርቲ ይኹን ዝኾነ ሞያ ዕወት ንምርካብ ብቐዳማይ ደረጃ ብርቱዕ ድልየት፡ ፍቕርን ፍትወትን ናይ ፍልጠት፡ ሃንቃን ርሱናትን ክህልዎ ኣለዎ። እዚ ባዕልና እንፈጥሮ እዩ። መምህር ወይ ቤት ትምህርቲ ከምዚ ዓይነት ወኒ ዝፈጥር መድሃኒት ወይ መርፍእ የብሉን። ከምቲ ኣብ መእተዊ ተጠቒሱ ዘሎ ቃላት ናይ ሞንታኘ፡ “ስቡት ዝፈልጡዎ ክምህሩና ወይ ክምሃሩና ይኽእሉ እዮም፡ ሊቃውንቲ ግን ካብ ገዛእ ነብስና እዩ።” ፈላጦት እንኾውን፡ ፈላጥ ናይ ምዃን ብርቱዕ ስምዒት፡ ባህግን ሃረርታን ምስ ዝህልወና እዩ።

እቲ ካልኣይ ናይ ብልጽግና ረቛሒ ኣደብ ወይ ዲሲፕሊን እዩ። ኣደብ ማለት ብቐንዱ ኣቓልቦኻ ዘኸዕዕ፡ ምስ ዕላማኻ ዘይከዱ ኣኪያይዲታት ምውጋድ፡ ግዜኻ ኣብ ዘይረብሕ ንጥፈታት ካብ ምብኻን ምሕያብ፡ ኣብ ስራሕን ጻዕርን ምጽማድ ማለት እዩ። ብልጽግና እምበኣር፡ ፍረ ብርቱዕ ድልየት ጥራይ ዘይኮነ፡ ፍረ ጻዕርን ኣደብን እውን እዩ። ባህጊ ብዘይ ጻዕርን ዲሲፕሊንን ኣብ ዘብጽሖ የብሉን። ባህጊ ኮይኑ ጥራይ እዩ ዝተርፍ።

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ምልክት ናይ ዝኾነ ነገር፡ ከምኡ’ውን ብቕዓትን ክእለትን ውጽኢት ዘይሕለል ልምምድ እዩ። ንኣብነት፡ ቁጽሪ ኣብ እትምሃረሉ፡ መምህርካ ዘርኣየካ ወይ ዝገለጸልካ ኣገባብ ቅማሪ፡ ሓንሳብ ስለ ዝርኣኻዮ ክትፈልጦ ትኽእል ማለት ኣይኮነን። ባዕልኻ ደጋጊምካ ብምልምማድ ጥራይ ኢኻ ክትመልኮ እትኽእል። ኣብ ካልእ ዓይነት ዓውድታት እውን ብተመሳሳሊ፡ ዝተማሃርካዮ ፍልጠት ደጋጊምካ ብምንባብ ኢኻ ብዕምቈት ክትርድኦን ኣካልካ ክትገብሮን እትኽእል። ደጋጊምካ ምልምማድን ዘይምሕላልን ከኣ ዲሲፕሊን ይሓትት።

ትህኪት ወይ ምስልቻው፡ ካብ ጻዕርን ስራሕን ዝያዳ ድቃስን ዕረፍትን ምፍቃር፡ እቲ ቀንዲ ፀንቀፍቲ ናይ ብልጽግና እዩ። “ግዜ ወርቂ እዩ” ዝብል ኣገላልጻ ብተደጋጋሚ ንሰምዖ ኢና። ንሓደ መንእሰይ እዚ ኣባሃህላ’ዚ ትርጉሙ ብዕምቈት ዝስወጦ እቲ ወርቃዊ ግዜ ብዘይ ፍረ ምስ ሓለፈ ጥራይ እዩ። ፍረኡ ከኣ ጣዕሳ እዩ። ስለዚ ከሎ ኸፍ፡ ወርቃውነት ናይ ግዜ ብምግንዛብ፡ ኣብ ምሕደራ ግዜ ብዘይ መጠን ጥንቁቓት ክንከውን የድሊ።

ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ኣቓልቦ መንእሰያት ዘኸዕዉ ጉዳያት ብዙሓት እዮም። ሓደ ካብኦም ሚድያን ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ሓበሬታን እዩ። ፊልምታት፡ ኢንተርኔት፡ ገይምስ፡ ሞባይል ቴለፎናት፡ ታብለታት፡ ኮምፕዩተራት ወዘተ. ኣካል ህይወትና ኮይኖም ስለ ዘለዉ ከወግዶም ኣይንኽእልን ኢና። ፈቲና ጸሊእና ኣካል ባህልና ኮይኖም እዮም። እቲ ጸቡቕ ነገር ግዱ፡ ኣጠቓቕማኦም ብዝበኡ እንተፈሊጥናዮ ኣብ ትምህርትናን ህንጸት ኣእምሮናን ሓገዝቲ ምዃኖም እዩ። ብኣንጻሩ ኣጠቓቕማኦም እንተ ዘይፈሊጥናዮ፡ ብመጠን መሳጥነቶም፡ ወርቃዊ ግዜና ዝቕትሉ ኣዘዮም ኣዕነውቲ እዮም።

ኣብ መወዳእታ ብቑዕ ፍልጠት ቀሲምና፡ ህይወትና ክንመርሕን ብፍልጠትናን ብቕዓትናን ኣብ ምዕባለ ሃገርን ሕብረተሰብን እጃምና ከበርክት፡ ሃንቃን ኣደብን ባህልና ክንገብሮም የድሊ።

ምሁርን ሊቅን ዝብሉ ኣምራት ትርጉሞም በበይኑ እዩ። ምሁር ማለት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ዝበጽሐ ክኸውን እንከሎ፡ ሊቅ ግን፡ ፍልጠት ምስ ብቕዓትን ክእለትን ዘጣመረ ሰብ እዩ። ስለዚ መንእሰይ ካብ ምሁር ንላዕሊ ሊቅ ወይ ፈላጥ ክኸውን ክበሃግን ክጽዕርን ይግባእ። ርግጽ’ዩ፡ ፈላጥ ንምዃን ኣብ ትምህርቲ ብሉጽ ኮይንካ ምውጻእ ኣዘዩ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ። ምኽንያቱ ፍልጠት ብትምህርቲ እዩ ዝርከብ። እንተኾነ ኩሉ ዝተማህረ ፈላጥ ወይ ሊቅ ማለት ኣይኮነን። ክፍልታት ብምቑጻር ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ኬብቕዕ፡ ፈላጥ ክትብሎ ዘይትኽእል፡ ካብ መሃይም ዘይሓይሽ ሰብ ኣሎ። ብኣንጻሩ፡ ውሱን ደረጃ ትምህርቲ ዘለዎ፡ ግን ከኣ ፈላጥ ወይ ሊቅ ክትብሎ እትኽእል ሰብ ኣሎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያታት ብዙሕ እዩ። ሓደ ካብኡ ንኽትፈልጥ ኢልካ ምጽዓርን ትምህርቲ ክትውድእ ወይ ፈተና ክትሓልፍ ኢልካ ጥራይ ምጽናዕን እዩ። እዚ ክልተ ዝተፈላለየ ኣመለኻኽታ፡ ኣብ ቅስመት ፍልጠት ዓቢ ፍልልይ እዩ ዘምጽእ። ምኽንያቱ እቲ ፈተና ንምሕላፍ ኢሉ ዝጽዕር፡ ሓንሳብ ነታ ፈተና ምስ ሰገረ፡ ባህጊ ናይ ፍልጠት ስለ ዘይብሉ፡ ኑቲ ዝተማሃሮ ደርስዩ እዩ። ንኽፈልጥ ኢሉ ዝበሃገ ግን፡ እቲ ፍልጠት ምስኡ እዩ ዝነብር። ንኽፈልጥ ብርቱዕ ድሌትን ሃንቃን ዘለዎ እዩ ድማ ኣብ መወዳእታ ፈላጥ ወይ ሊቅ ዝኸውን።

ካልእ ተወሳኺ ዓቢ ረቛሒ፡ ንግቡብ እዩ። ትምህርቲ ብሰፊሕ ባህሊ ንግቡብ ክሰሕ እንከሎ ዝያዳ ውጽኢታዊ እዩ። ምኽንያቱ ትምህርቲ፡ ቀጥታዊ ምትሕልላፍ ሓበሬታ ካብ መምህር ናብ ተማሃራይ ክኸውን እንከሎ፡ ንግቡብ ግን፡ ባዕላዊ ተበግሶን ዳህሳስን ብምዃኑ፡ ንሰብ ከምዝፈልጥ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከምዝመራመርን ናቱ ሓሳባት ከምዝመንጩን ናይ ምግባር ተኣምራታዊ ሓይሊ ኣለዎ። ባህሊ ንግቡብ ኣብ ህይወት ተማሃራይ፡ መኸሰቡ ድሳባ ፍልጠት ጥራይ ኣይኮነን። ምንጪ ሓጎስ እውን እዩ።

ትምህርቲ፡ ሞያ ንምጥራይ ወሳኒ ረቛሒ እዩ። እንተኾነ ኩሉ ዝተማህረ፡ ሞያዊ ብቕዓት ኣለዎ ክበሃል ኣይከኣልን። ዓመታዊ ብዝተፈላለየ ዓውደ ትምህርቲ፡ ካብ ዩኒቨርሲቲ፡ ኮሌጃትን ኣብያተ ትምህርቲ ሰልጠንትን ተመረቕም ዝወጹ ብዙሓት እዮም። እንተኾነ ኩሎም ብቑዓት ሞያውያን ወይ ክኢላታት ይኾኑ ማለት ኣይኮነን። ንፍልጠት ናብ ሞያ ወይ ክእለት ዝቕይር ብቐንዱ ግብራዊ ስራሕ እዩ። ሓደ ናይ ሕክምና ትምህርቲ ስለዝወድአ ጥራይ ሓኪም ማለት ኣይኮነን። ኩሉ ኢንጂነሪንግ ዝወድአ እውን ብተመሳሳሊ ኢንጂነር ማለት ኣይኮነን። ሰርቲፊኬት ምህሮው መግለጺ ናይ ሞያ ኣይኮነን። ናብ ሞያ ዘሰጋግር ወረቐት ፍቓድ ጥራይ እዩ።

ሞያዊ ብቕዓት ንምውናን እምበኣር፡ ዕድል እንተተረኺቡ ካብ ቤት ትምህርቲ ጀሚርካ፡ ምስ ግብራዊ ስራሕ ምልላይ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ስራሕ ዓለም ምስተዋፈርካ ድማ፡ ኑቲ ስራሕ ከም ቤት ትምህርቲ ጠሚትካ፡ ብሓያል ድሌትን ዲሲፕሊንን ግብራዊ ፍልጠት ንምቕሳምን ሞያዊ ብቕዓት ንምጥራይን ጻዕሪ ይሓትት። ሓደ ተማሃራይ እምበኣር፡ ትምህርቲ ስለዝወድአ ንበይኑ ከም ብቑዕ ሞያዊ ክወሰድ ኣይግባእን። ጀማሪ ወይ ተልመዴን እዩ። ካብ ትምህርቲ ንላዕሊ እቲ ዝዓበየ ፍልጠትን ብቕዓትን ዝርከብ ኣብ ግብራዊ ስራሕ እዩ። ድሕሪ ዝተወሰነ ግብራዊ ስራሕ ጥራይ ድማ እዩ ኑቲ ዝተዋህቦ ማዕረግ ዶክተር ይኹን ኢንጂነር ወይ ካልእ ብቑዕ ክኸውን ዝኽእል።

ብኣጋጣሚ ሓድሽ ዓመተ ትምህርቲ እምበኣር መንእሰያት፡ ኣብ ትምህርትቶም ብሉጻት ንክኾኑ፡ ብርቱዕ ድሌት ክህልዎም፡ ድሌቶም ንምዕዋት ድማ ዲሲፕሊን ባህሎም ክገብሩዎ፡ ካብ ምሁር ንላዕሊ ሊቅ ንምዃን ክጽዕሩ፡ ካብ ትምህርቲ ናብ ስራሕ ዓለም ምስተሰጋገሩ ድማ፡ ንቡታ ስራሕ ከም ቤት ትምህርቲ ጠሚቶም፡ ብዝዓበየ ፍልጠትን ብቑዓት ሞያውያን ንምዃን ኣበርቲዖም ክተግሁ ምዝኽኻር ኣገዳሲ እዩ።

# ትርሙማ

ሃብቶም ኢዮብ

## ጤልን በጊዕን

ሓደ እዋን ኣዝዩን ዝፋተዋ በጊዕን ጤልን ነበራ ይበሃል። እዘን መሓዙት ኣዝዩን ስለ ዝፋተዋ ኩሉ ግዜ ብሓንሳእ ይውዕላ ነበራ።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኣብ በረኻ እናበልዓ ከለዋ፡ ማይ ክዘንብ ጀመረ። ነዚ ዝተዓዘበት ጤል፥

"ስምዒ በጊዕ መሓዛይ"

"እንታይ"

"እዚ ዝናብ ብርቱዕ'ዩ ዝመስል" በለት። ኣዚያ ስለ ዝተረበሸት ተጸዊጋ ናብ ሰማይ ጠመተት።

"እሂ'ሞ እንታይ ማለትኪ ኢኺ?" መለሰት በጊዕ ተረጋጊኣ።

"ንዕናይ ንገዛና ንጉየ። እንተዘየለ ክንጥልቂ ኢና"

"ህድእ እሞ ንበል እዚ ማይ ክዝሕል ደዩ ክብርትዕ ሸው ንርእዮ"

ጤል፡ "ንኺድ"

በጊዕ፡ "ኣይንኺድ"

"ንኺድ"

"ኣይንኺድ"

ከምዚ እናበላ ተኻራኺረን ምስምማዕ ምስ ሰኣና ጤል ከምዚ በለት።

ጤል "ዋይ ኣነ ጤሎ ንገዛይ ዘይምንጠሎ፡ ናይ ምንታይ ናይ ምንትኒ ማይ ዘጠልቅየኒ።"

በጊዕ፡ "ዋይ ኣነ በጊያ

ኣብ ጉንዲ ገረብይ ዘይጽግዮ

ናይ ምንታይ ናይ ምንትኒ ውሕጅ ዘወሰደኒ"

ብድሕርዚ ጤል ንገዛኣ ክትከይድ ብታህዋኽ ጎየየት። በጊዕ ከኣ ናብ ጉንዲ ገረብ ተጸግዐት።

ጤል ኣብ ሩባ ምስ በጽሐት እቲ ሩባ ክሳብ ክንደይ መሊኡ ምንባሩ ኣየስተዋዕለትን። ብታህዋኽ ክትሰግር ክትብል ከኣ ናብ ውሕጅ ኣተወት። እቲ ውሑጅ ከኣ ሒዙዋ ተመርቀፈ።



# ዘቢብ ዘቢባ

ዘቢብን ዘቢባን ብምኽንያት መኾኻ ከይተራኸባ ቀንየን። ትማሊ ናይ ኢጋ ዕራርቦ ግን ዘቢብ ናብ ዘቢባ መሓዝኣ ከይዳ። ናይቲ ተፈላልየንኦ ዝቖነያ ነዊሕ'የን ኣዕሊለን። ኣነ ንኸሉ እቲ ዘዕለልኦ ኣይኩንክን ሰሚዐየ። እተን መሓዙት እናኣዕለላ እንክለዋ መጺኤ። ኣብ ጥቕአን ሓደ ዝፈልጦ ሰብ ነይሩሰ ምስኡ እናዕለልኩ ከለኹ'የ ካብ ዕላለን ገይሸን ምቕናየን ዝፈለጥኩ። ክዕልላ ከለዋ ደምጸን ሓንሳእ ዓው ሓንሳእ ከኣ ሕሹኽታ ስለ ዝነበረ ምሉእ ብምሉእ ሰሚዐየን ክብል ኣይክእልን። ገለ ካብቲ ዝሰማዕኩዎ ግን–

"ዕረፍቲ ጽቡቕ'ዩ። ናብ ብዙሕ ቦታታት ከማን በጺሐ" በለት ዘቢባ።

"ኣነ ተቐዋሪ ናብ ቤተሰብ በጺሐ። እንታይ'ሞ ክብለኪ ክሳዕ ሕጂኸ ጽቡቕ'የ ዝጥቀመሉ ዘለኹ። ካብ ኩሉ ዘይፈልጦም ዝነበሩ ኣዝማድና ፈሊጠዮም። እንታይሲከ ኣገሪመኪ?" ሓተተት ዘቢብ።

"ብዛዕባ እንታይ ኢኺ ተገሪምኪ? ኣይሓዘኩኽን!"

"ብዛዕባ ኣዝማድ ምልላይ"

"ንገለኦም ገኺኸዮም ትኸውኒ። ወይ ደማ ገለኦም ማራ ተለዊጦምዶ ጸኒሖሙኺ?"

"እዚ ዝበልክዮ ሓቅኺ እንድኺ ግን…" ኢላ ዘረብኣ ከይመልኣት ሰቕ በለት።

"እ . . . እተዎም ነኣሽቱ ከኣ ንዓኺ ናፊቖምኺ ይኾኑ" ገመተት ዘቢባ።

"ብራቮ!" በለት ዘቢብ ብምግራም ብኢዳ ኣፋ እናሓተመት።

"እሂ?" በለት ዘቢባ።

"እታ ዝሓሰብኩዋሲ ብልክዕ ፈሊጥክያ። ንሱ'ዩ ኣገሪሙኒ"

"እዚ ደኣ'ሞ ዓመት ዓመት እነልዕሎ ጉዳይ'ዩ። ስለዚ ክፈልጦ ይኽእል'የ። ካልኣይ ኣብ ኩልና ዘጋጥም ስለ ዝኸውን ከየፀምቶ ግድን ይኸውን። ልዕሊ ኹሉ ግን ብልቢ እንዳፋቶ መሓዙት ስለ ዝኾንናሲ ኤእ ሓሳብኪ ክጠፍኣኒ ኢልኪ ትሓስቢ?"

"ንሱስ ሓቕኺ ዘቢባ ሓብተይ። ናብ እንዳ ሓትነይ ምስ ከድኩ ምስታ መሳታይ ከዕልል፡ ክጻወት'የ ቀንየልኩ። ኣብ ትምህርቲ'ሞ ብዙሕ ተገሪመላ"

"እንታይ ሓደሽ ነገር ርኢኺ?"

"ኣብ ምርባሕ፡ ምድማር፡ ገሊታትሲ ሓደሽ ነገር ኣርእያትኒ። ሽዑ ኣነ ኣብዚ ዝያዳና ጽቡቕ ትመሃሩ ኢሊያ"

"እሞ ንሳኸ ንሽኹምባ ጽቡቕ ትመሃሩዶ ኢላትኪ?"

"እወ ብኸመይ ደኣ ከምኡ ኢልክኒ?" በለት ዘቢብ ፍሽኽ እናበለት።

"ዝኸውን ሰብ'ኮ ነቲ ዘለዎ ጉዳይ ነቲ ዘይብሉ'ዩ ዝጥምት። ስለዚ ነቲ ናቱ ከም ሳሕቲ ይሓስቦ። ነቲ ናይ ካልእ ኸኣ ከምዚ ዝበለጸ ገሩ ይወስዶ። ሓቀይዶ?"

"ግርም ኣለኺ መሓዛይ። 'ኣብ ኢደካ ዘሎ ወርቂ ዳርጋ ጨርቂ' ደዩ ዝበሃል። ሓሳብኪ ቅቡል'ዩ። እታ ጓል ሓትነይ ግን እንታይ ኢላትኒ መስለኪ. . . ."

"ህ!" በለት ዘቢባ ንመሓዝኣ ብምኽላፍ።

"ኣብ ጠቦት ቦታ ስለ ዘለና ኢና ጠቦት ሜላ ንጥቀም። ንኣብነት ኣብዚ ዘሎ ጸወታ ኣቦኹም የለን። ኣቦኹም ዘሎ ኸኣ ኣቦና የለን። ኣብ ሓደ ቦታ እንተ ንነብር ግን ሎሚ ዝፈለጥክዮ ኣነ ንጽባሒታ ምፈለጥኩዋ። ስለዚ ኸኣ ብዙሕ ኣይምተገረምኩን።" ዘቢብ ንዘቢባ ብዛዕባ ጓል ሓትንኣ ነዊሕ ኣዕሊላታ። ኣብ መወዳእታ ዘቢባ–

"እዛ ጓል ሓትናኺ ክንደይ ትፍቶ ጓለይ!"

"እወ ንፍዕቲ'ያ"

"እሞ ዘመድ ጥራይ ዘይኮንኪ ተላሊኺ ደኣ። ኣይ ዓብዩ መምህር እንዲኺ ረኺብኪ."

"እወ" ድሕሪ ምባል ዘቢብ "ካብ ሕጂ ንገዛው ደኣ ዋላ ብዙሌፍን ከዕልል ኢና።"

"እቲ ብጠጠውና ነዊሕ ኣዕሊልና"

"ኣብይ ተፈሊጠና ኢልክየ። ሎሚ መቸም ካብቲ ከብኺ ወጻእ ኢልካ ምዝዋር ጽቡቕ ምኻኑ ተረዲእና ኣለና። ሓቀይ እንደየ መሓዛይ?"

"እወ። በሊ ንዕናይ ንቕረስ"

ብድሕርዚ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዘን ንወሸጢ ገዛ ገጸን ኣትየን። ደምጸን እናረሓቐኒ ስለ ዝኸደ ክሰምዖ ኣይከኣልኩን።

# ቀኊጽሪ

ንሎሚ ተዓልዩ ዘሎ ትሕዝቶ ቀጽሪውን ንናይ ቁጽሪ ክእለት ጠቓሚ'ዩ። ከምታ ቀዳመይቲ ሕቶ ቅድሚ ሕጂውን ኣብዚ ዓምዲ ቀሪቡ ይፈልጥ'ዩ። እዛ ቀዳመይቲ ሕቶ ንታ ካልኣይቲ ሕቶ ከም መተኣታተዊት ንኸትከውን ዝቐረበት'ያ። እታ ካልኣይቲ ግን ሓዳሽን ፍልይ ዝበለትን'ያ። ከምቲ ወትሩ እንብሎ ደማ ሓንቲ ሜላ ምስ ፈለጥና ባዕልና ካልእ ሕቶ ንምስራሕ ንፈትን። ምኽንያቱ ልምምድ ናብ ብቕዓት የብጽሕ'ዩ። ብዘውሳኺ ንፈለጥትና ፍልጠትና ነኻፍል።

ሓደ ቍጽሪ ርኸቡ

ሓደ ቍጽሪ ሓዙሊይ

ብሰለስተ ኣርብሑዎ

ነዚ ኣርብዓን ሓሙሽተን ወሰኹሉ

ኑቲ 45 ምስ ወሰኽኩምሉ ዝመጸልኩም ውጽኢት ክንድኡ ይምሩሉ

ሕጂ ኑቲ ውጽኢት ን6 ምቐሉዎ።

እቲ ፈለማ ዝሓሰብኩሞ ቍጽሪ ኣጉድሉዎ

መልሰኹም 15 እንተ ዘይኩይኑ ብሓቂ ተጋጊኹም ኣለኹም።

ክልተ ቍጽርታት ርኸቡ

እዛ ሕቶ ብሰለስተ ሰብ'ያ እትጽወት። ንሽኹምን ካልኣይኩምን ሳልሳይኩም ደማ ኣነ። ስለዚ

ንሽኹምን ካልኣይኩምን ኻትኩም ቁጽሪ ሓዙ። ንሓድሕድኩም እንታይ ቁጽሪ ከም ዝሓዝኩም ንግዚኡ ኣይትነጋገሩ። ንዓይ'ውን ኣይትንገሩኒ።

ንናይ ሓዴኹም ቁጽሪ ክንድኡ ወሰኹሉ።

ሕጂ ደማ 5 ይምሩሉ።

ኑቲ 5 ዝደመርኩምሉ ብ5 ኣርብሑዎ።

ኑቲ ብ5 ምስ ኣርባሕኩም ዝረኸብኩሞ ቍጽሪ ናይ ካልኣይኩም ቁጽሪ ወሰኹሉ

ሕጂ ካብቲ ዝመጸልኩም ቁጽሪ 25 ኣጉድሉ

ኑቲ ዝመጸልኩም ውጽኢት ተመልከቱዎ። እቲ ሓደ ቑጽሪ እቲ ንሽኹም ሒዝኩሞ ዝነበርኩም'ዩ። እቲ ኻልእ ደማ እቲ ካልኣይኩም ሒዙዎ ዝነበረ'ዩ።

ኣሰራርሓ

ሓደ ቍጽሪ ርኸቡ

ሓደ ቍጽሪ ሓዙሊይ። ንኣብነት 2 ንበሎ።

ኑቲ ቍጽሪ ብ 3 ኣርብሑዎ። ን2 ብ3 ኣርቡሓዮ።

2 x 3 = 6

ነዚ ኣርብሒና ዝረኸብናዮ ውጽኢት 45 ንወስኸሉ።

6 + 45 = 51

ኑቲ 45 ምስ ደመርኩም ዝመጸልኩም ውጽኢት ክንድኡ ወሰኹሉ። እቲ 45 ምስ ተደመሮ ዝመጸ ውጽኢት 51 እዩ። ነዚ ኢና ክንድኡ እንወስኸሉ።

51 + 51 = 102

ነዚ ን6 ንምቀሎ።

102 ÷ 6 = 17

ኑቲ ን6 ምስ መቐልና ዝረኸብናዮ ቁጽሪ እቲ ፈለማ ዝሓዝናዮ ቀጽሪ ነጉድሎ። እቲ ፈለማ ዝሓዝናዮ ቁጽሪ 2 እዩ። ስለዚ ካብ 17 እነጉድሎ ቀጽሪ 2 እዩ።

17 – 2 = 15

ስለዚ ኣሰራርሓና ቅኑዕ'ዩ።

ክልተ ቍጽርታት ርኸቡ

ምስ ካልኣይኩም ኻትኩም ቁጽሪ ሓዙ። ንመረዳእታ መታን ክጥዕም ናትኩም 3 ናይ ካልኣይኩም ደማ 5 ንበሎም።

ንናትኩም ክንድኡ ወሰኹሉ። ን3 ክንድኡ ማለት 3 ወሰኹሉ።

3 + 3 = 6

ነዚ 5 ይምሩሉ።

6 + 5 = 11

ነዚ 5 ምስ ወሰኽኩም ዝረኸብኩሞ ቀጽሪ ብ5 ኣርብሑዎ።

11 x 5 = 55

ኑቲ ብ5 ምስ ኣርባሕኩም ዝመጸልኩም ቀጽሪ ናይ ካልኣይኩም ቀጽሪ ወሰኹሉ። እቲ ናይ ካልኣይኩም ቀጽሪ ኣቐዲምና 5 ኢልናዮ ኢና። ስለዚ

55 + 5 = 60

ሕጂ ካብቲ ዝመጸልኩም ቀጽሪ 25 ኣጉድሉ።

60 – 25 = 35

ኑቲ ዝመጸልኩም ውጽኢት ተመልከቱዎ። እቲ ሓደ ቑጽሪ እቲ ንሽኹም ሒዝኩሞ ዝነበርኩም'ዩ። እቲ ኻልእ ደማ እቲ ካልኣይኩም ሒዙዎ ዝነበረ'ዩ።

እቲ ውጽኢት 35 እዩ። ካብዚ'ም ክልተ ቍጽርታት እቲ ሓደ ንሽኹም ሒዝኩሞ ዝነበርኩም'ዩ። ንሱ ደማ 3 እዩ። እቲ ካልኣይ ቀጽሪ ደማ 5 እቲ ካልኣይኩም ሒዙዎ ዝነበረ'ዩ።

ስለዚ ኣሰራርሓና ቅኑዕ'ዩ። ኣብዚ ኑቲ ናትኩም ቀጽሪ ማለት 3 ኢና ተጠቒምና ውጽኢት ረኺብና። ኑቲ ናይ ካልኣይኩም ቀጽሪ ተጠቒምና ኔርና እንተ ኸውን'ውን ተመሳሳሊ ውጽኢት ምረኸብና ኔርና።

ልምምድ ናብ ብቕዓት የብጽሕ።

ቀጻሊ ንለማመድ።



# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com



# 'ዝተገማምዐ' ሃገራዊ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ፡ ዘእርምም ጉባኤ ኣቃኒዑ

## ኣብ ልዕሊ ፈጻሚት ኮሚተ፡ መጽናዕቲ ተካይድን ዳግመ ኽለሳ እትገብርን 'ኮሚተ' ተመዚዛ *

**"ውህደት፡ ምርድዳእን ናይ ስራሕ ንጹርነትን የለን፡ ብተደጋጋሚ፡ ዝሎና ፍልልያት ከጸብብን ክንፈትሕን ዘፈተንናዮ ክሰምር ኣይከኣለን፡ ምክትታል ሃገራውያን ፈደረሽንን ኣሎምፒክን እውን ጉዳያትና ክንፈትሕን ክረዳድኣናን ዘኾነ ጉዕዞ ኣይሰለጠን፡ ናይ ፋይናንስ ስራሕ ብግቡእ ኣይተኻየደን - ብፍላይ ኣብ ዞባታት ክካየድ ንዝተመደ ንጥፈታትን ክወሃብ ዝግብኦ ሽልማትን ብሰንኪ ዝሕታለ እዚ ኮሚተ፡ ዕንቅፋት ተፈጢሩ እዩ፡ ኢደይ ክሳብ ዝርብርብ 'ቸካት' ብምፍራም ከኣ ንገለ ክሳልጦ ክኢለ እየ፡፡ ቤት ጽሕፈት፡ ካብ ካፍን ፊፋን ንዝመጹ ናይ ኢ-መይል መልእኽትታት ክሕብር ኣይጸንሐን፡ ኮሚተ ዳንኮት ንዓይ ከየፍለጠ ብኢደ ዋኒኑ ክውስን ጸኒሑ . . . ወዘተ"** ገለ ካብቲ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ኢሳያስ ኣብርሃም ካብ ተጋባእቲ ንዝመጹ ሕቶታት ንምምላስ ኣብ ዝወሰዶ ናይ 49 ደቒቕ 'መግለጺ' ዘልዓሎ ጽማቕ ነጥብታት እዩ፡፡

ከም ልሙድ ጉባኤ ስፖርት፡ ምልኣተ ጉባኤ ብምርግጋጽ፡ ቃል ፕረዚደንት ፈደረሽን ብምስማዕ፡ ዓመታዊ ጸብጻብ ስራሕ ከምኡ ድማ ፋይናንሳዊ ጸብጻባት ብምስማዕ ክሳብ ናይ ሻሂ መደብ ዝተሳለየ ናይ ትማሊ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሃገራዊ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ጸብጻብ ናይ ደገ ኦዲተር እውን ሰሚዑ እዩ፡፡ እቲ ኦዲተር፡ ብኣተሓሕዛ ፋይናንስ ዘለዎ ዕጉብነት እውን ብመገዲ ወኪሉ ገሊጹ እዩ፡፡

እንተኾነ፡ ወከልቲ ፈደረሽናት ዞባታት፡ ማሕበር ደያኑ፡ ኣሰልጠንትን ካልኦትን ዘልዓሉዎ ረዘንቲን መሰቀላውያን ሕቶታት ኣብ ዝሓለፈ ዓመትን



መንፈቕን ናይ ስራሕ ግዜኦም 'ሰኣን ምርድዳእ' ንዝሕለፉ ፈጸምቲ ኮሚተ ሃገራዊ ፈደረሽን ጉዳዮም ናብ ደገ ከውጽእ ደሪኹ እዩ፡፡

**"ኣብ ፍርቂ 2019 እኳ'ለና፡ ናይ 2018 ጥራይ ጸብጻብ ምስማዕ እኹል ኣይኮነን፡ ዓመታዊ ካላንደር ዘይምህላው፡ መደባትና ከይንሰርዕ ጸጊሙና፡ ኣብ ብቕዓት ተጻወትና እውን ኣሉታዊ ጽልዋ ይገድፍ ኣሎ - መጠኑ ዝሓለፈ ዕረፍቲ፡ ንተጻወትና 'ናይ ጥዕና ተጻወትቲ' ኣምሲልዎም ይርከብ፡ ሕጽረት መለማመዲ ቦታ ብፍላይ ድማ ጸዕቂ ልምምድ ዘኪይዳ ጋንታታት ዞባ ማእከል ኣብ ሜዳ ካምፖ ቺቸሮ ጥራይ ምሕጻረን ፍታሕ ይደሊ ኣሎ፡፡ ክለባት፡ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ክሕዛ ክግደዳ ኣለወን፡ ኣብ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ዝተሰርሐ ነገር የለን - ብፍላይ ኣብ ዞባታት፡፡ ደሃይ ኢንተርናሽናል ደቂ ኣንስትዮ ደያኑና እንታይ እዩ? ንክለባት 'ላይሰንስ' ናይ ምሃብ መስርሕ ደንጉዩ፡፡ ንጥፈታት ግራስ ሩትስ ብፍላይ ኣብ ዞባታት ባይታ ዘቢጡ ይርከብ፡ ኣብ ሃገራዊ ውድድራት ንዝተዓወትናዮ ፕዝዮባዊ ሽልማት ኣይተወሃብናን፡ ንደያኑ ዝወሃብ ክፍሊት ዳግመ ግምት ክግበረሉ . . . .ወዘተ"** ዝብሉ ርእይቶታትን ሕቶታትን ንፕረዚደንት ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኣቶ ኢሳያስ ኣብርሃም ኣብ ቀጽሪ ሃገራዊ ፈደረሽን ንዘሎ 'ጉድ' ናብ ደገ ከውጽኣ ደሪኽን፡፡

ንምብጻሕ ፕረዚደንት ፊፋ ጃኒ ኢንፋንቲኖ ናብ ኤርትራ ምስ ሓደ ካብ ዓበይቲ ሰርሓት ሃገራዊ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ዝሰርዐ ኣቶ ኢሳያስ ኣብርሃም፡ ምስ ጸለውቲ ሰባት ናይቲ ላዕለዋይ ተጻዋዲ ኵዕሶ እግሪ ዓለም ብዘካየዶ ዝርርብ፡ ኤርትራ ኣብ ኮንግረስ ፊፋ ድምጻ ክስማዕ ከምዝኸኣለን እዚ ድማ ሓደ ዓቢ ገሲጋስ ምዃኑን፡ ምቛም ሃገራዊት ጋንታን ምክያድ ምሕዝነታውያን ግጥማት ምስ ደቡብ ሱዳንን ታንዛንያን ከኣ ገለ ካብቲ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ዘካየዶም ንጥፈታት ምዃኑ ተዛሪቡ፡፡ ይኹን እምበር፡ ብተደጋጋሚ ንፈጸምቲ ኮሚተታት ወኪሉ ይዛረብ ከምዝነበረ ዝገለጸ ኣቶ ኢሳያስ፡ ኣካያዲ ቤት ጽሕፈት ናይቲ ፈደረሽን ካብ ፊፋን ካፍን ንዝመጽእ መልእኽቲ የብጽሕ ከምዘይነበረ፡ እዚ ድማ ኣብ ስራሕ ዕንቅፋት ከምኡ ድማ ነቲ ካብ ፊፋን ካፍን ንዝወሃብ ገንዘብ ኣብ እዋኑ ናብ ቁጽሪ ሕሳብ ኣብ ምእታው ምድንጓያት ከምዘስዓበን ተንቲኑ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ኮሚተ ዳንኮት እውን ንገለ 'ዘይግብኦም ደያኑ' ብዘይ ኣፍልጦኡ ናይ ወጻኢ ስልጠና ክረኽቡ ምውሳኑ፡ እቲ ዝዓበየ ጸገምን ኣብ ኣሳድዳ ኣሰማት እውን ሓላፍ ዘላፍ ከምዝነበረ ዘርዚሩ፡፡

ጸብጻብ ስራሕ 2018 ዘቕረበ ዋና ጸሓፊ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ መሓሪ ተስፋይ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ዝኾነ ምላሽ እኳ እንተዘይሃበ፡ ሓላፊ ፋይናንስ ኣቶ ብርሃነ ፍስሃየ ግን ፋይናንስ ጥንቃቐ ዝሓትት ስራሕ ምዃኑን ካብ ኣባላት ፈጻሚት ኮሚተ ውሳነ ንዘይተወሃበሉ ጉዳያት፡ ናይ ክፍሊት መስርሕ ከምዘይዓምምን ብምጥቃስ ሞጒቱ፡፡ ሓላፊ ዳንኮት ኣቶ ግርማይ የውሃንስ፡ ነቲ ኣቶ ኢሳያስ ኣብርሃም ኣብ ልዕሊ ኮሚተ ንዘሃቦ መግለጺ "ጠቐነ" ክብልን እቲ ጉዳይ ድማ ብመገዲ ሰክረታርያት ብቕኑዕ መሳልል ስራሕ ከምዝካየደን ተዛሪቡ፡፡

ኣብቲ ካብ 8:30 ቅ.ቀ ዝጀመረን ክሳብ ሰዓት 2:00 ድ.ቀ ዝቐጸለን (ኣስታት 20 ደቓይቕ ናይ ሻሂ ግዜ ገዲፍና) ሓፈሻዊ ጉባኤ ሃገራዊ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ፡ ነዚ ጉዳይ እዚ እትምሚን፡ ኣብ ኣባላት ናይቲ ፈደረሽን ከኣ ዳግመ ምትዕርራይን ምስርራዕን ምስ ዘድሊ፡ ከኣ ገምጋማ እትቕርብን ኮሚተ ብምምራጽ እዩ ነቲ ዘእርምም ጉባኤኡ ተዛዚሙ፡፡



# ኣልታሕሪርን ኣስመራ ቢራን ተዓዊተን

መበል 14 ግጥማት ሻምፕዮና ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ብቕድሚ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ቀጺሉ ወዒሉ፡፡ ኣኽርያን ኣዱሊስን ብዘይሸቶ 0ብ0 ክፈላለያ እንከለዋ ኣስመራ ቢራ ንፓራዲዞ 4ብ0 ከምኡ ድማ ኣልታሕሪር ንጮጮንዳ1ብ0 ብዘኾነ ውጺኢት ተዓዊተናለን፡፡

ፈላሚ ግጥም ዘካየዳ ንቐይሕባሕሪ ዝሰዓረት ኣዱሊስ ምስታ ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ እትርከብ ኣኽርያ እያ ተጻዊታ፡፡ እዚ ግጥም ድማ ሸቶ ከይተመዝገቦ ናይ መዛዘሚ ፊሽካ ኣርኪቡ፡፡

ቀጺለን ዝገጠማ ኣስመራ ቢራን ፓራዲዞን እየን፡፡ ኣስመራ ቢራ ቅድሚ ዕረፍቲ ብመገዲ ኣማኑኤል ደምሴ ዘመዝገበታ ሸቶ 1ብ0 መሪሓ ናብ ዕረፍቲ ወጺኣ፡፡

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ኣስመራ ቢራ ብመገዲ ዘካርያስ ጺጋይን መደሃኔ ሰዩምን ደጀን ትኳቦን ብዘመዝገቡተን ሰለስተ ሸቶታት 4ብ0 ኣብ ልዕሊ ፓራዲዞ ተዓዊታ፡፡

ኣብ መወዳእታ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ኣልታሕሪር ምስ ጮጮንዳ እያ ገጢማ፡፡ ምዕዋት ኣስመራ ቢራ ኣረጋጊጸ ዝኣተወት ኣልታሕሪር፡ ነጥቢ ከይተጥፍእ ሰጊኣ'ያ ነይራ፡፡ ጮጮንዳ ኣብ መበል 38 ደቒቕ ኾናታን ሰመረኣብ ብቐይሕ ካርድ ካብ ሜዳ ከሰረየ፡፡ ክልቲአን ጋንታታት ንዕረፍቲ ብዘይ ሸቶ'የን ወጺአን፡፡

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ኣልታሕሪር ዱፊኣ ንመስመር ምክልኻል ጮጮንዳ ከተጨንቖ ተራእየት፡፡ ኣልታሕሪር ክሳብ መበል 89 ደቒቕ ሸቶ ክሰልጣ ኣይከኣለን፡፡ ጸወታ ብዘይ ሸቶ ክዛዘም ትጸቢት እናተጉበረሉ፡ ሳምሶም ጉብረዋህድ ንምላስ ኩዕሶ ቀለው ዘቑጸራ ሸቶ ንኣልታሕሪር ኣዐወተ፡፡ብዚ ድማ ኣልታሕሪር 29 ነጥቢ ኣዋሃሊላ ምስታ ጸባሕ ሰንበት ምስ ሰምበል እትገጥም ደንደን ተመዓራርያ ትርከብ፡፡

ግጥማት ሻምፕዮና ሱፐር ዲቪዥን ኤ ጋንታታት ዞባ ማእከል ፡ ጸባሕ ሰንበት ካብ ሰዓት 2:00 ጀሚሩ ደንደን ምስ ኩጣንያ ሰምበል ከምኡ ድማ ቀይሕባሕሪ ምስ ሰገን ኮንስትራኽሽን ብዘካይደኦ ግጥም ቀጺሉ ክውዕል'ዩ፡፡

ጸባሕ ሰንበት ተሰሪዑ ዝርከብ ጸወታት ልዑል ኣተኹሮ ዝዋሃቦ እዩ፡፡ ደንደንን ቀይሕባሕርን ወሳኒ ጸወታ'የን ከኪይዳ፡፡ እታ ጸባሕ ሰንበት ኣቐዲማ ንጥጥማ እተካይድ ደንደን ፍልልያ ናብ ሰለስተ ብምውራዳ፡፡

ስለዚ ደንደን ነዚ ሕጂ ረኺባቶ ዘላ ናብ ሻምፕዮንነት ዝቐረበ ፍልልይ ናይ ነጥቢ ከመይ ትጥቀመሉ ትኸውን? እቲ ስራሕ ካብ ጸባሕ ዝጀምር፡፡ ጸባሕ ምስ ሰምበል ነጥቢ እንተጥፊኣ እቲ ዝበረ ፍልልይ ናብ ዝበሮ ናይ ምምላስ ተኽእሎ ስለዘለዎ፡፡

ቀይሕባሕሪ ብወገና ነቲ ዘለዋ ናይ ሰለስተ ነጥቢ ፍልልይ ክተውሕስ ሓያል ስራሕ ይጸብያ፡፡ ቀይሕባሕሪ ነጥቢ ካብሕጂ እንተኣጥፊኣ ናይ ሻምፕዮንነታ ጉዳይ ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ ይኽእል'ዩ፡፡

## ቅንጥብጣብ

+ ደርቢ ካውንቲ ንናይ ቅድም ኣሰልጣኒ ክለብ ፒኤስቪ ኣይንድሆቨን ፊሊፕ ኮኩ ቆጺሩ፡፡ እዚ ንኣርባዕተ ዓመታት ኣብ ደርቢ ክጸንሕ ክታሙ ዘንበረ ኣሰልጣኒ ንቦታ ናይቲ ናብ ቸልሲ ዝተሰጋገረ ፍራንክላምፓርድ ተኪኡ ክሰርሕ እዩ፡፡ ወዲ 48 ዓመት ኮኩ፡ 101 ጸወታት ምስ ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ ኣካዪዱ፡፡ ምስ ፒኤስቪን ባርሴሎናን ኣብ ዝነበረሉ እዋን ከኣ ናይ ሊግ ዘውዲ ክደፍእ ክኢሉ እዩ፡፡ ናብ ምዕላም ድሕሪ ምስግጋሩ፡ ምስ ፒኤስቪ፡ ዋንጫ ሊግ ከልዕል በቒዑ እኳ እንተነበረ፡ ናብ ቱርካዊት ክለብ ፈነርባቸ ዘካየዶ ጉዕዞ ግና ዕዉት ከምዘይነበረ ይግለጽ፡፡ ኣብ መበል 15 ጸወታኡ እዩ ምስታ ቱርካዊት ክለብ ተባቲኹ፡፡

+ ተጻወትቲ ማን ዩናይትድ ኣንድሬያስ ፔሬራን ኣክሰል ታንዝበን ኣብ ሜዳ ኦልድትራፎርድ ክሳብ 2023 ከምኡ ድማ ክሳብ 2022 ዘጽንሖም ሓድሽ ውዕል ብተኸታታሊ ፈሪሞም፡፡ ወዲ 23 ዓመት ብራዚላዊ ፔሬራ፡ ኣብ 2011 እዩ ካብ ኣካዳሚ ማን ዩናይትድ ፈርዩ፡፡ ምስዛ ዓባይ ጋንታ ድማ 35 ጸወታታት ኣካዪዱ፡፡ ተወላዲ ዲሞክራቲክ ኮንጎ ዝኾነ ቱንዝበ ከኣ ወዲ 8 ዓመት እንከሎ እዩ ምስ ማን ዩናይትድ ንጥፈታት ጀሚሩ፡፡ እዚ ወዲ 21 ዓመት ተጻዋታይ ኣብ ኣስቶን ቪላ ብመልክዕ ልቓሕ ክጻወት ጸኒሑ እዩ፡፡

+ ምስራዊ ኣጥቃዊ መሓመድ ሳላሕ፡ ሃገሩ ሎሚ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃ ንእተካይዶ ግጥም ብሰንኪ ሰዓል ምስላፉ ኣጠራጣሪ ኮይኑ፡፡ ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ልምምድ ዘብኮረ ሳላሕ፡ ሃገሩ ኣብ ናይ ምድብ ጸወታኣ ክልተ ሸቶታት ከበርክተላ ክኢሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ናይ ግጥም ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታ፡ ሳላሕ እንተደኣ ቦኺሩ፡ ጋንታኡ ዓቢ ሃጓፍ ከምዘስዕበላ ይትንተን፡፡

+ ናይ ቅድም ሓላዊ ልዳት ኢጣልያ ጂኒሉጂ ቡፎን ናብ ናይ ቅድም ክለቡ ጁቬንቱስ ተመሊሱ፡፡ ወዲ 41 ዓመት ቡፎን፡ ቅድሚ ናብ ፓሪስ ሴንት ጀርማይን ምስግጋሩ ምስዛ ቱሪናዊት ክለብ ን17 ዓመታት ተጻዊቱ፡፡ ቡፎን፡ ኣብታ ብኣሰልጣኒ ማውሪዝዮ ሳሪ ትእለ ዘላ ጁቬ፡ ንሓደ ዓመት ክጸንሕ ክታሙ ኣንቢሩ ኣሎ፡፡

** ** **

# ምልክታ

በይሉል ገብረሚካኤል

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ለተሚካኤል ሞሳዝጊ ዘወልዲን ተኸሰስቲ ኣቶ ጀማል ዓብደልርሒም ምሩሳህን ዘሎ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ ተኸሰስቲ ሰላም በርሀ ተኽለማርያም፡ ሳሙኤል በርሀ ተኽለማርያም፡ ከምኡ ውን ስሞም ዘይተፈልጡ ወረ/ነፍ ግርማይ ፍርዙን ገብረትንሳኤ ነፍ/ነጪ. ገብረማርያም ተወልደብርሃን ተጸዊዖም ን23/7/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረቡ። እንተዘይቀረቦም ግን ንሶም ኣብ ዘይብሉ ጉዳዮም ክርአ ምኳኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ሕርይቲ ምሕጽንቱ መሓሪን ተኸሰስቲ ወ/ሮ ስምረት ኣብርሃም ተሰፋጽዮን+2 ዘሎ ናይ ውህብቶ ምስራዝ ክርክር ተኸሰስቲ ናጽነት ኣብርሃምን ኣምኑኤል ኣብርሃምን ኣድራሻኦም ንጹር ስለዘይኮነ፡ ተጸዊዖም ን23/7/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/35 ይቕረቡ። እንተዘይቀረቦም ግን ንሶም ኣብ ዘይብሉ ክውሰን ምኳኑ ነፍልጥ።

ግምጃ ዓሊ ኣድም ምባል ተሪፉ፡ ግምጃ ዓሊ ተውላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣቶ ወርቅነህ ተስፋማርያም፡ ወለድና ተስፋማርያም ዘርአን ምጽኣት መንግስቱን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኽርያ

ወ/ሮ ዩላንዳ ዳኒኤል፡ ኣቦይ ዳኒኤል ሉቃስ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ ብርሂን ኣበራ ጌታሁን፡ ጓለይ ምጽላል የሃንስ መንገሻ ስለዝሞተት፡ ኣነ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣርባዕተ ኣስመራ

ወ/ሮ ለምለም ጸጋይ ነጋሲ፡ ወለድና ጸጋይ ነጋሲን ዑቕባማርያም ፍቓዱን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ቲራቮሎ

ወ/ሮ ለምለም ዮሃንስ፡ በዓል-ቤተይ የማነ ዑቕባገርግሽ ተስፋማርያም ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 14 ደቒና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ስምበልን ጎዳይፍን

ወ/ት መርሃዊት ፍቓዱ ከተማ፡ ኣደይ ዑቕባ ኪዳነ ይከኣሎ ስለዝተሰውኣት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ሙሉ ኣብርሃም ክብርኣብ ተጸዋዒት ራህዋ መንግስትኣብ ክፍለ ናይ ገዛ መኪና ፍያት uno ቁ.ታርጋ ER-1-21557 ቁ.ቻሲ- 2FA 146000 00638774 ቁ.ሞተረ 143-0006226223 ዝኾነት ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ምስ ሸጠትለይ ናብ ስመይ ከየሕለፈትለይ ካብዚ ሃገር ወጺኣ ስለዝሰኣንክዋ ትጸውዓለይ፡ እንተዘይቀሪባ ግን ንሳ ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ይውሃበኒ ስለዝበላ፣ ተጸዋዒት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ።

ኣቶ ፍስሃ ስዩም መርእድ፡ ኣደና ሓረገ ገብረመድህን ዓንዳይ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ መርሓኖ

ሻሹ ጸሃየ መዘንግዕ፡ ኣቦና ጸሃየ መዘንግዕ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/8/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ሚኪኤል፡ በዓል-ቤተይ ሃብቶም ገ/ሂወት ኪዳነ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/8/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ገ/ገርግሽ ማና በራኺ፡ በዓልቲ-ቤተይ መርሃዊት በየነ ተስፋይ ኣብዚ ሃገር ስለዘየላ፡ ኣድራሽኣ ድማ ስለዘይብለይ ትጸውዓለይ ስለዝበሉ፣ ተጸዋዒት ብኣካል ወይ ብወኪል ን1/8/19 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሕምብርቲ

ወ/ሮ ሮማ ገብረኪዳን፡ ኣቦይ ገብረኪዳን ባሪን ገረይ ስለዝሞተ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/19 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓርበረቡዕ

ወ/ሮ ለተንኪኤል ተስፋይ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ግርማይ በርሀ ሓጎስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰላዕ ዳዕሮ

ትሕቲ ዕድመ ሙሴ ሙሉጌታ፡ ቅሳነት ሙሉጌታን ሰናይ ሙሉጌታን ብሞግዚት ኣኹሲማዊት ዋሴ ኣቢሎም፡ ኣቦና ሙሉጌታ ስልጣን ኣብርሃም ስለዝሞተ፡ ንሕና ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዛግር

ወ/ሮ ጸሃይቱ እያሱ፡ በዓል-ቤተይ ኣብርሃ ሃይለ ተስፋየውሃንስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ዓንሰባ ከረን

ኣብርሀት ምስግና በራኺ ተጸዋዒት ዮዲት ዳኒኤል ጸጋይ ናይ ውክልና ስልጣን ምስራዝ ጉዳይ ጸውዒት ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/7/19 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ ግን ንስኺ ኣብ ዘይብሉ ክርአን ክውሰንን ምኳኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከባቢ 02 ከረን

ማእከለ ተኽላይ ተስፋማርያም ተጸዋዒት በዓልቲ-ቤተይ ወ/ሮ ሰናይት ጴጥሮስ ሃይለ ብዘይ ኣፍልጦይ ካብዚ ሃገር ወጺኣ ድሃይ ስለዘይብላ፡ ትጸውዓለይ እንተዘይኮይኑ ግን ንሳ ኣብ ዘይብሉ ይወሰነለይ ስለዝበለ፣ ተጸዋዒት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ ድባርዋ

ኣልጋነሽ ተወልደብርሃን ገብረሂወት ምባል ተሪፉ፡ ሸማይነሽ ገብረሚካኤል መድሃኔ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኲዶ ዝብኦ

ነገሰት ሃብተገርግሽ ዓንደማርያም፡ በዓል-ቤተይ ሃብተናስ ጸጋይ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ እምበይቶ

ኣቶ ዮውሃንስ ተኽለ ተከስተ፡ ወለድና ተኽለ ተኸስተን ጽሃይቱ መዓሾን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ዓጓ

ወ/ሮ ኣስመረት ገብረኣብ ሃይለ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ስዩም ኣብርሃ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 9 ደቀይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገረንፊት

ወ/ሮ ህይወት ገብረዮናስ፡ ናይ ወደይ ናቱ እያሱ ብርሃነ ሞግዚቱ ኣነ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣረጊት መኽረም

ሓበን ኣምባሳጀር፡ ወለደይ ኣምባሳጀር ስዩምን ኣምለሰት ኣሰፋውን ስለዝሞቱ፡ ኣብ ንግዳዊ ባንኪ ዓዲ ወግሪ ቁጽሪ ሕሳብ 38085 ዘሎ ገንዘብ ከምኡ ውን ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዳግማይ ምልክታ ጨረታ

መኮነን ሓበሬታን ጎስጓስን ሚኒ/ምክልኻል ደንደን ስፖርት ክለብ (ባር ጆስ ነበር) BAR AND FASTFOOD ምስ ምሉእ ንብረቱ ብጨረታ ከካርዮ ስለዝደለየ ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ሰነድ ጨረታ ኣብ ቤት ጽሕፈት መ/ሓ/ጎስጓስን መዓስከር ደንደን ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ከፊሉ ይወስድ።

2. ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታትን ካልእ ዝርዝር ሓበሬታን ኣብ ሰነድ ጨረታ ቀሪቡ'ሎ።

3. ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁ.ቴሌ 122954፡ 110522፡ 07151111 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ተወከሱ።

4. ጨረታ ዕለት 10/07/2019 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ኣብ ደንደን ስፖርት ክለብ ይኽፈት።

ኮሚቴ ጨረታ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብምልኡ ወይ ብኽፋሉ ክሰርዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮሚቴ ጨረታ ሚኒ/ምክልኻል

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍርዲ በዓል መሰል ኣቶ ሰለሙን መዓሾን ብፍርዲ ሰብ ዕዳ ኣቶ ሙሴ ሃይለ+1 ንዘሎ ክርክር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣብ ኣስመራ ጥቓ 2ይ መደበር ፖሊስ ዝርከብ ብፍ/ሰ/ዕዳ ዝኾነ ትካል ጽርበት ሓጺን (ቶርንዮ) 03 ቶርንዮ ዝጸርባ ዓበይትን ንኣሽቱን፡ 01 ፍሬዛ መውጽኢ ኢንግራናጂ፡ 01 ሞላ መስሓሊ (መብልሒ) 02 ሳላትርሺ፡ 01 ኣብ ጣውላ ዝትከል ቤንች ድሪል ኤሌክትሪክ ድራይሸን፡ 03 ጠሓኒት ምስ ቦኩራ ዘይተመልአ፡ 04 ናይ ኤሌክትሪክ ድራይሽን፡ 03 መቑረጺ ሓጺን ማንዋል ንኣሽቱን ዓበይትን፡ 01 መልዓሊ ሓጺን ኣብ መሬት ዝትከል፡ 02 ናይ ኤነ-ትረ ሞተረ፡ 01 ካባሌቲ ናይ መገተሪ (መሳርሒ) 01 ሞላ ዲስኮ፡ 01 ናይ ዓራት ሓጺን መወጠሪ፡ 02 ጣውላ ናይ ምሳራት ጠጠው መበሊ ቻሲ ሞርሳ ብኤሌክትሪክ ዝሰርሓ፡ ብሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኸውን ብቁጽሪ መዝ. 1831/2017 ዕለት 25/01/2018 ዝተዋህበ ትእዛዝ መሰረት እዚ ንብረት ብክኢላ 840,480.00 ናቕፋ ስለዝተገመተ መበገሲ ሓራጅ ኮይኑ ንዕለት 27/07/2019 ሰዓት 3፡00 – 4፡00 ድ/ቀትሪ ሓራጅ ክካየድ እዩ። ተወዳደርቲ ኣብ ዝግበር ሓራጅ ¼ ናይ ዝተዋህበ ግምት ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ ደብተር ወይ ከኣ ቡክ ድማ ብስም ፈጻም ፍርዲ ሲፒኦ (C.P.O) ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ኣብቲ ጨረታ ዝተዓወተ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልታት ናይቲ ዝተዓወተሉ መጠን ገንዘብ ኣብ ሕሳብ ፈጻሚ ፍርዲ ኣታዊ ይገብር።

ዕለት ሓራጅ፡ 27/07/2019  
ሰዓት ሓራጅ፡ 3፡00 – 4፡00 ድ/ቀ  
ቦታ ሓራጅ፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁጽሪ 27

ንዝያዳ ሓበሬታ ክወስድ ዝደሊ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁጽሪ 64 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኡ ክወስድ ይኽእል።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

ክረምታዊ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ
PAULOS LANGUAGE SCHOOL
to listen, speak, read & write English
ቤት ትምህርቲ ጳውሎስ ክረምታዊ ትምህርቲ ንኹሎም ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን በብደረጅኡ ዝወሃብ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ ኣዳልዩልኩም ከም ዘሎ የበስር።
ምዝገባ ጀሚርና ኣሎና፡ ክላስ ዝጅመረሉ ድማ 27/06/2019 እዩ።
ኣድራሻና ከባቢ ማርካቶ(ጎደና ናቕፋ) ፊት ፎቶ ፊሊ፡ ጎኒ ፎቶ ሉቃስ እዩ።
ንዝያዳ ሓበሬታ ቴሌ 112001/ 07137056/ 07138748 ተወከሱ።

unicef

# VACANCY Notice No. 2019/01

The United Nations Children's Fund (UNICEF) in Eritrea is inviting applications from suitably qualified Eritrean nationals for the post of **Education Officer, IMIS No. 46767**

**TYPE OF APPOINTMENT:** Fixed-Term **DURATION:** Two years
**LEVEL:** NO-02 **DUTY STATION:** Asmara

**PURPOSE:** Accountable for professional technical contribution to education programmes/projects design, planning, administration, monitoring and evaluation, data analysis and progress reporting. Commitment for enhancement of gender-sensitive teamwork and capacity building, in support of achievement of planned objectives of the work plan, aligned with country programme goals and strategy.

**MAJOR DUTIES AND RESPONSIBILITIES**

1. Contribute to the preparation/update of situation analysis for the program sector/s for development, design and management of education related programs/projects. Research and report on development trends and (economic, social, health etc.) data for use in program development, management, monitoring, evaluation and delivery of results.

   Contribute to the development/establishment of sectoral program goals, objectives and strategies and results-based planning through research, collection, analysis and reporting of education and other related information for development planning and priority and goal setting.

   Provide technical and operational support throughout all stages of programming processes by executing/administering a variety of technical, program, operational and administrative transactions, preparing related materials/documentations and complying with organizational processes and management systems, to support program planning, results-based planning (RBM) and monitoring and evaluating results.

2. Work closely and collaboratively with internal and external colleagues and partners to discuss operational and implementation issues, provide solutions, recommendations and/or alert appropriate officials and stakeholders for higher-level intervention and/or decision. Keep record of reports and assessments for easy reference and/or to capture and institutionalize lessons learned.

   Participate in monitoring and evaluation exercises, program reviews and annual reviews with government and other counterparts to assess programs/projects and to report on required action/interventions at the higher level of program management.

   Monitor and report on the use of sectoral program resources (financial, administrative and other assets), verify compliance with approved allocation/goals, organizational rules, regulations/procedures and donor commitments, standards of accountability and integrity. Report on critical issues/findings to ensure timely resolution by management/stakeholders. Follow up on unresolved issues to ensure resolution.

   Draft regular/mandated sectoral program/project reports for management, donors and partners to keep them informed of program progress.

3. Conduct regular program field visits and surveys and/or exchange information with partners/stakeholders to assess progress and provide technical support, take appropriate action to resolve issues and/or refer to relevant officials for resolution. Report on critical issues, bottlenecks and potential problems for timely action to achieve results.

   Provide technical and operational support to government counterparts, NGO partners, UN system partners and other country office partners/donors on the application and understanding of UNICEF policies, strategies, processes and best practices on education and related issues to support program implementation, operations and delivery of results.

4. Build and sustain effective close working partnerships with government counterparts and national stakeholders through active sharing of information and knowledge to facilitate program implementation and build capacity of stakeholders to achieve and sustain results on education programs.

   Draft communication and information materials for CO program advocacy to promote awareness, establish partnership/alliances and support fund raising for education programs.

   Participate in appropriate Inter-Agency (UNCT) meetings/events on programming to collaborate with Inter-Agency partners/colleagues on UNDAF operational planning and preparation of education programs/projects and to integrate and harmonize UNICEF position and strategies with the UNDAF development and planning process.

   Research information on potential donors and prepare resource mobilization materials and briefs for fund raising and partnership development purposes.

5. Contribute to identifying, capturing, synthesizing and sharing lessons learned for knowledge development and capacity development of stakeholders.

   Apply innovative approaches and promote good practice to support the implementation and delivery of concrete and sustainable program results.

   Research and report on best and cutting-edge practices for development planning of knowledge products and systems.

   Participate as resource person in capacity building initiatives to enhance the competencies of clients/stakeholders.

**MINIMUM QUALIFICATIONS & EXPERIENCE:**

- A University Degree in education, psychology, sociology or other social science field is required.
- A minimum of 2 years of professional experience in social development planning and management in education and related areas at the international and/or in a developing country is required. Relevant experience in education and related areas, program/project development and management in a UN system agency or organization is an asset.
- Fluency in English is required. Knowledge of another official UN language or a local language is an asset.

**CANDIDATES SHOULD PROVIDE EVIDENCE OF COMPLETION/EXEMPTION FROM NATIONAL SERVICE. PLEASE NOTE THAT COMPLETION/EXEMPTION OF NATIONAL SERVICE IS A REQUIREMENT. COPY OF CARD/EXEMPTION MUST BE ATTACHED. APPLICATIONS WITHOUT THIS REQUIREMENT WILL NOT BE CONSIDERED.**

**FEMALE CANDIDATES ARE ENCOURAGED TO APPLY**

**Remark:**

- UNICEF is committed to diversity and inclusion within its workforce, and encourages all candidates, irrespective of gender, nationality, religious and ethnic backgrounds, including persons living with disabilities, to apply to become a part of the organization.
- UNICEF has a zero-tolerance policy on conduct that is incompatible with the aims and objectives of the United Nations and UNICEF, including sexual exploitation and abuse, sexual harassment, abuse of authority and discrimination. UNICEF also adheres to strict child safeguarding principles. All selected candidates will, therefore, undergo rigorous reference and background checks, and will be expected to adhere to these standards and principles.

**Closing date of Application:** 15 days from date of advertisement

**Only qualified candidates will be short listed and invited for the interview.** Please mail a recent CV and photocopies of academic qualifications including telephone numbers or email indicating Vacancy Number 2019/01 in a sealed envelope addressed to:

**Quote: Education Officer, IMIS No. 46767**
**Chief of Operations**
**UNICEF Eritrea**
**P.O. Box 2004**
**Asmara**
Please note that UNICEF is a smoke-free environment.

# ብራዚል - ከንቲባ ጉቦ ምሃቡ ተኣሚኑ




ከንቲባ ከተማ ሪዮ ዲ ጃኒየሮ ነበር ሰርጂዮ ካብራል፡ እቲ ኣብ 2016 ኣብታ ከተማ ዝተኣንገደ ጸወታታት ኦሊምፒክ ክውን ንምግባር ናይ ክልተ ሚልዮን ዶላር ጉቦ ከም ዝኸፈለ፡ ኣብ ቅድሚ መጋባእያ ኣብ ዝሃቦ ቃል-ምስክር ኣፍሊጡ።

ንሱ ብሓሙስ ኣብ ዝወዓለ መጋባእያ ንዳኛ ኣብ ዝሃቦ ምስክርነት፡ እቲ ገንዘብ ንፕረዚደንት ኣህጉራዊ ማሕበር ፈደረሽን ኣትሌቲክስ (IAAF) ዝነበረ ላሚን ዲያክ ከም ዝሃቦ፡ ክሱብ ትሽዓተ ዝበጽሕ ምርጫታት ወይ ሕርያታት ድማ ከም ዘጠዘኣምን እዩ ዝሕብር።

ሰርጂዮ ብተወሳኺ ከምዝሓበሮ፡ ንላሚን ዲያክ ብመንገዲ ናይቲ ሽዑ እዋን መራሒ ኮሚተ ኦሊምፒክ ብራዚልን ቀንዲ ኣወሃሃዲ ንመረጻ ሪዮ ዲ ጃኔሮን ዝነበረ ኣርተር ኑዝማን ኣቢሉ ከም ዝተላለየ፡ ዲያክ ድማ ቅድሚ ናይ 2009 ምርጫ ዘሎ እዋን እቲ ገንዘብ እንተ ኣሲጋጊሩሉ፡ ንሪዮ ልዕሊ'ተን ሽዑ ዝተወዳደራ ከተማታት ማድሪድ፡ ቺካጎን ቶክዮን ጸብለል ኩብላ ምኻኑ እዩ ገሊጹሉ።

እቶም ክልተ ሰርጂዮ ዝጠቐሶም ሰብ-ስልጣን፡ ኣብ 2017 ብቤት-ፍርዲ ብራዚል ተኸሲሶም ምንባሮም፡ ንጹሃት ምኻኖም ምግላጾምን ኣይርሳዕን።

ሰርጂዮ ካብራል እቲ ንሱ ዝፈጸሞ ናይ ብልሽውና ገበናት፡ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ነበር ሊዊዝ ኢናሲዮ ሉላ ዳ ሲልቫ ይኹን ኣመሓዳሪ ከተማ ሪዮ ዲ ጃኒየሮ ዝኾነ ኣፍልጦ ከም ዘይነበሮም፡ እንተኾነ ኩሉ ድሕሪ ምፍጻሙ ብመልክዕ ጸብጻብ ይሕበሮም ከም ዝነበረ እዩ ዝገልጽ።

እቲ ከንቲባ ነበር ምስ ብልሽውና ምትሕሓዝ ብዘለዎም ተኸታተልቲ ገበናት ተኸሲሱ ገበኛ ኮይኑ ብምርካቡ ን200 ዓመታት ክእሰር ከም እተፈርደ እዩ ዝንገር።

## ተወሳኺ. . .

ሃርሊ. ኤጊንስ እዩ ስሙ። ምግዳፍ ዓሳ ኣዝዩ እዩ ዝፈቱ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ምስ ኣዕሩኽቱ ኮይኑ ዓሳ ንኽገፍ ኣብ ጥቓኡም ናብ ዝርከብ ቀላይ ምስ ከዱ ግን ዘይተሓሰቦ እዩ ኣጋጢሙዎ።

ኣብ ማእከል'ቲ ቀላይ ድሕሪ ምብጽሖም፡ ሃንደበት ሃርሊ. ህርመት ልቡ ክውስኽ ጀመረ። ኣይጸንሐን ድማ ሃንደበት ሃለዋቱ ኣጥፍአ።

ኣዕሩኽቱ ድማ ተቐዳዲሞም ናብ ሕክምና ወሰዱዎ። እቶም ዝተቐበሉዎ ሰብ ሞያ ሕክምና ጸገም ሃርሊ. ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ. ምኻኑ ስለ ዝተረድኦ፡ ብህጹጽ ናብ ካልእ ዓቢ. ሆስፒታል ክልእኩዎ እዮም መሪጾም።

ኣብኡ ምስ በጽሐ ድማ ጸገሙ እንታይ ምኻኑ ብሓኪይም ተፈለጠ። እቶም ዶክትር ንሃርሊ. ሓንቲ ካብተን ኣብ ልቡ ዝርከብ ቫልቭ ብምብልሻዋ ክትቅየር ከም ዘለዋ እዮም ነጊሮሞ። ብቐልጡፍ ድማ መብጣሕቲ ገበሩሉ።

እቲ ኣደናቒ ነገር ግን ድሕሪ መብጣሕቲ ምግባሩ እዩ ኣጋጢሙ።

ሃርሊ. ካብ ክፍሊ. መብጣሕቲ ድሕሪ ምውጽኡ፡ ገና ጸቡቕ ገይሩ ከይተበራበረ እንከሎ፡ እቲ መብጣሕቲ ዘካየደሉ ዶክተር ከመይ ከም ዘሎን እንታይ ይገብር ምህላዉን ኣበይ ምህላዉን ይሓቶ። ሃርሊ. ድማ ኣብ ማእከል ቀላይ ዓሳ ንኽገፍፍ ይጅልብ ምህላዉ. ኢዱ ብናይ ምጅላብ ኣገባብ እናኣወዛወዘ ክጅልብ ጀመረ። ዝ. ኩሉ ድማ እታ ኣብ ጥቓኡ ዝነበረት በዓልቲ ቤቱ ሰሓቓ ምቁጽጻር ክሳብ ዝኣብያ እናሰሓቐት ብሞባይላ ገይራ ተንቀሳቓሲ. ስእሊ. ከተልዕሎ ከኣለት።

ሃርሊ. ድሕሪ ጸቡቕ ገይሩ ምብርባሩ ምስቲ ዶክተር ዕላሉ ምቕጻሉን ናይ ኣጋጣሚ ኩይኑ እቲ ዶክተር እውን ከምኡ ምግዳፍ ዓሳ ኣዝዩ ዝፈቱ ኩይኑ ምጽንሑን እዩ ሃርሊ. ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኽቢ. ትዊተር ሓቢሩ።

# ኣመሪካ - ኣብ ካሊፎርኒያ ሓያል ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣጋጢሙ

ደቡባዊ ክፋል ክፍለ-ሃገር ካሊፎርኒያ፡ ብሓሙስ ብሓያል ምንቅጥቃጥ ምድሪ ከምዝተጠቕዐ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብቲ ከባቢ. ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣብ ዝሓለፈ. ዕስራ ዓመታት ኣብታ ክፍለ-ሃገር ካብ ዘጋጠሙ ተመሳሳልቲ ባህርያውያን ሓደጋታት እቲ ዝሓየለ ምኻኑ እዩ ዝግለጽ። እቲ ናይ 6.4 ሬክተር ዓቐን ብርታዐ ዝነበሮ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ካብ ከተማ ሎስ ኣንጀለስ ኣስታት 240 ኪሎሜትር ርሒቓ ኣብ እትርከብ ከተማ ሪጅክረስት ዝርከብ ከባቢታት ከም ዝተራእየ እውን ተፈሊጡ።

በቲ ዘጋጠመ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብታ ከተማ ንዘጋጠመ ባርዕ ሓዊን ካልእ ሓደጋታትን ንምምካት ብርክት ዝበሉ ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ ኣብ ሓያል ስራሕ ተጸሚዶም ከም ዝወዓሉ እዩ ዝሕበር።

እቲ ኣብ መዓልቲ ናጽነት ኣመሪካ (4 ሓምለ) ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣብ ደቡባዊ ገምገም ባሕሪ'ታ ክፍለ-ሃገር ተደኲነን ዝርከባ ከተማታት መጠናዊ ጽልዋ ከም ዘሕደረ እዩ ዝግለጽ።

ሰበ ማዚ. ከተማ ሪጅክረስት ከምዝሕብሩዎ፡ በቲ ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ ምድሪ - ዝጠዘሐ ጸርግያታት'ታ ከተማ ከምኡ እንከሎ ናይ ኤሌክትሪክ ገመዓት ክቡታተኛን ሹትሮታት ናይ ዝጠዘሉ ህንጻታት ክሰብር ከምኡ'ውን መናድቑ ከም ዘንቅዐ እዮም ዝሕብሩ።

ከንቲባ ክፍለ-ሃገር ካሊፎርንያ ጋቪን ኒውሶም፡ እቲ ከባቢ. ክሱብ ናብ ኩነታት ዝምለስ ህጹጽ ናይ ሓደጋ እዋን ኣዊጁ ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

በቲ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ካሊፎርንያ ዝተራእየ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝተፈላለዩ ሰበ ስልጣናትን ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን መልእኽቲታቶም ሰዲዶም ኣለው።

# ናይጀርያ - ኣብ ሻምብቆ ነዳዲ ባርዕ ኣጋጢሙ

ኣብ ሌጎስ - ናይጀርያ፡ ሰረቕቲ ናይ ሻምብቆ ነዳዲ ብምስባር ነዳዲ ይወስዱሉ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ብዝተፈጥረ ባርዕ ክልተ ሰባት ህይወቶም ክስእኑ እንከለው፡ ልዕሊ. 30 ተሽከርከርቲ ድማ ከም ዝተሃመኻ ሰብ መዚ'ታ ኸተማ ብሓሙስ ኣብ ዝሃቡዎ ጸብጻብ ሓቢሮም።

እቲ ኣብ መጀመርያ ሰዓታት ናይ ንግሆ ኣብ ኢጅጉን ዝተባህለ ከባቢ. ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ከም መቕጸልታ ኣብታ ሃገር ዝረኣዩ ተመሳሰልቲ ሓደጋታት ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ወከል ሃገራዊ ትካል ምቁጽጻር ሓደጋ ሌጎስ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ክልተ ሬሳታት ካብቲ ሓዊ ከውጽእ እንከሎ፡ ካልኦት ሸሞንተ ሰባት ድማ በቲ ሃልሃልታ ሓደጋ ብዘወረዶም ጉድኣት ኣብ ሆስፒታል ተዓቝቦም ምህላዎም ኣፍሊጡ።

እቲ ሓደጋ ብኸመይ መንገዲ ከም ዘጋጠመ እቲ ወከል ክገልጽ እንከሎ፡ ብዝሓም ዘይተነጸረ ሰባት ካብቲ ብመንገዲ ዝውሃን ሻምብቆ መተሓላለፊ ነዳዲ ክሰርቁ ክበሉ ኮለ ቱቦ ብምፍንቃል ነዳዲ እናቐድሑ ናብ መካይናም ክመልኡ ምስ ጀመሩ ብኣባላት ጸጥታ ከም ዝተራእዩ ብድሕሪ'ዚ እቶም ሰረቕቲ ካብ ቀይዲ ንምምላጥ ኑቲ ዝወሓዘ ዝነበረ ነዳዲ ሓዊ ብምርኳዕ እዮም ክሃድሙ ፈቲኖም። እንተኾኑ እቲ ሓዊ ናብ ኩሉ ብምዝርግሑ ነተን ነዳዲ ጸዒነን ዝነበራ ተሽከርከርቲ ብምልኣም ከም ዘሳሓሕፋሐ እዩ ዝሕብር።

ኑቲ ባርዕ ንምጥፋእ ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ ከተማ ሌጎስ ዓቢ. ተራ ከም ዝተጻወቱ ወከል ሃገራዊ ትካል ምቁጽጻር ሓደጋ ሌጎስ ዝኾነ ኢብራሂም ፋሪንሎየ ንጋዜጠኛታት ገሊጹ።

ናይጀርያ፡ ብምፍራይን ሰደድን ነዳዲ ኣብ ኣፍሪቃ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ'ያ ትስራዕ። ዝ. ንምግባር ድማ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት'ታ ሃገር ናይ ነዳዲ ቱቦታት ተዘርጊሖ ምህላዉ. ይፍለጥ። እንተኾኑ ኣብ ዝሓለፉ ውሑዳት ዓመታት ብሰንኪ. ኣብ ልዕሊ.'ዞም ቱቦታት ናይ ነዳዲ ዝሰዓብ ዝተፈላለየ ሓደጋታት፡ ህይወት ኣማኢት ሰባት ምጥፍኡ መዛግብቲ'ታ ሃገር የረድኣ።

ኣብዚ. ሰሙን'ዚ. እውን ኣብ ኣህጉንብ ዝተባህለ ከባቢ. ነዳዲ ዝጸዓነት ማኪና ድሕሪ ምግምጣል ሃንደበት ብምቅጻሉ ካብኣ ነዳዲ ንኽሰርቁ ብምባል ኣብ ጥቓኣ ዓጉጎም ዝነበሩ ኣስታት 45 ሰባት ህይወቶም ክስእኑ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ. 100 ድማ መጉዳእቲ ከም ዝወረዶም እዩ ዝሕበር።



# ኢራን ንመራኽብ ነዳዲ ብሪጣንያ ተጠንቂቓ

ኢራን ብዘብሪጣንያ ተዓጊታ ዘላ ናይ ነዳዲ መርከብ እንተዘይተለቒቓ፡ ከም መልሱ-ግብሪ ንመራኽብ ነዳዲ ብሪጣንያ ክትዓግት ከምእትጀምር ኣጠንቂቓ።

ኢራን ዝ. መጠንቀቕታ ዘውጸአት፡ ብማእከላይ ባሕሪ ትሓልፍ ዝነበረት "ግረይስ ዋን" ዝተባህለት መርከብ ናይታ ሃገር ብሓይሊ. ባሕሪ ብሪጣንያ ኣብ ጂብራልታር ድሕሪ ምዕጋታ እዩ። እታ ካብ ኢራን ነዳዲ ጸዒና ናብ ሶርያ ተምርሕ ዝነበረት መርከብ፡ ንእገዳታት ኤውሮጳዊ ሕብረት ጥሒሳ ብዝብል ምኽንያት እያ ተዓጊታ ዘላ።

ብተግባራት ብሪጣንያ ዝተቖጥዐት ኢራን፡ እቲ ተግባራት ምስ ቅርሰና ዝተኣሳሰር ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ብወገና ሕነ ከምእትፈዲ ኣፍሊጣ'ላ። ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ. ኢራን ብብሪጣንያ ዝተወሰደ ስጉምቲ ዘይሕጋዊን ንኣመሪካ ንምሕጓስ ተባሂሉ ዝተገበረን ምኻኑ ገሊጹ።

ኣማኻሪ ሃገራዊ ጸጥታ ኣመሪካ ጆን ቦልተን፡ እቲ ብብሪጣንያ ዝተወሰደ ስጉምቲ "ዝሐጎስ ዜናዩ" ክብል ገሊጹዎ። ኣመሪካን መሓዙታን ኣንጻር ረብሓታት መንግስታት ኢራንን ሶርያን ምስራሕ ብዕቱብ ከምዝቕጽላ ድማ ኣፍሊጡ።

ብሪጣንያ ኣቐዲማ ኣብ መጥቃዕቲ ናይተን ዝሓለፈ. ወርሒ. ዝተሃርማ ክልተ መራኽብ ነዳዲ፡ ኢድ መንግስቲ ኢራን ከምዘለዎ ምኽሳሳ ይግለጽ።

ብሪጣንያ ንመርከብ ኢራን ዓጊታ ዘላ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ዘሎ ወጥሪ እናሓየለ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ኢራን፡ ኣመሪካ ብኢድ-ዋሪና ካብ ውዕል 2015 ብምስሓብ ኣብ ልዕሊኣ ተጻብኦ ትግብር ከምዘላ እያ ትኸስስ። ከም መልሱ-ግብሪ ናይዚ ክስ፡ ኣብዚ ቀንያት'ዚ ንመጠን ናይቲ እተፍርዮ ኑክሌሳዊ ጭቡጥ ኣዛይዳቶ ምህላዋ ይፍለጥ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን | 6/7/2019 | ኀደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ. ሲነማ ኢ.ምፔሮ | 120253 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565